

መበል 36 ዓመት ቁ.64 ዓርቢ 13 ሕዳር 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2 ገጽ 3 ገጽ 4 ገጽ 5 ገጽ 7

‘ሉኬምያ’ - ዘይንቡር ... ገመል ንወፍሪ ከነውዕሎ ኣለና። ዕቃበ ብረት፡ ካብ ለይቶ ክሳብ ...

ስእላዊ ምልክታ ዓምዲ

ስነ-ስርዓት ቀብሪ ዋና ኣመሓዳሪ

ስነ-ስርዓት ቀብሪ ብጹእ ኣቡነ ሉቃስ ተፈጺሙ

መንበረ ፓትርያርክ፡ ኣባል ቅዱስ
ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-
ክርስትያን ኤርትራን ሊቀ ጳጳስ ሃገረ
ስብከት ደቡብ - ዓዲቐይሕ ብጹእ
ኣቡነ ሉቃስ፡ ብረቡዕ 11 ሕዳር
ሰዓት 4፡00 ድሕሪ-ቐትሪ ኣብ ገዳም
ኣቡነ ሊባኖስ ደብረ ወርቅ ሃም
ብኽብ ዝበለ ማዕርግ ተፈጺሙ።

ናብ’ቲ ዕለት ኣብ ዘውግሐ ለይቲ፡
ኣብ መላእ ሃገር ዝርከባ ገዳማትን
ኣብያተ-ክርስትያንን 12 ግዜ ደወል
ብምድዋል ጸሎተ ፍትሓት ከብጽሓ
ድሕሪ ምሕዳር፡ ሬሳ ብጹእነቶም
ካብ መንበሪ ገዝኦም ተበጊሱ
ብብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ
ቀዳማዊ - 6ይ ፓትርያርክን
ብጹኣን ሊቃነ-ጳጳሳትን ጳጳሳትን
ኣቦታት ተዓጂቡ፣ ብሞተር ሳይክል
ፖሊስ ትራፊክ ተመሪሑ ሰዓት 12፡
30 ኣብ ርእሰ-ኣድባራት ደብረጽዮን
ቅድስቲ ማርያም ኣስመራ ምስ
በጽሐ፡ ብመሪሕነት ብጹእ ወቅዱስ
ፓትርያርክ ግቡእ ስርዓተ ፍትሓት

ተኻዪዱ።

ኣብ’ቲ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ
ዝተረኽቡሉ ናይ መወዳእታ
ፈነዋ፡ ታሪኽ ህይወትን ናይ
ሓዘን መልእኽትታትን ምስ ተነበ፡

ብብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ
ቀዳማዊ - 6ይ ፓትርያርክ ወርእሰ-
ሊቃነ ጳጳሳት መልእኽቲ ምስጋናን
ቡራኬን ተዋሂቡ። ብድሕሪ’ዚ፡ ሬሳ
ብጹእነቶም ብቅዱስ ፓትርያርክ፡
ሊቃነ-ጳጳሳትን ጳጳሳትን፡ ሰበ-ስልጣን

መንግስትን ገዳማት፡ ከምኡ’ውን
ውሉደ ክህነትን ህዝብን ተሰንዩ፡ ኣብ
ቀጽሪ ርእሰ-ኣድባራት ደብረጽዮን
ቅድስቲ ማርያም ሰለስተ ግዜ ምስ
ዞረ፡ መደብ ስነ-ስርዓት ፍትሓትን
ፈነዋን ተፈጺሙ።

ኣብ መወዳእታ፡ ናብ ገዳም ኣቡነ
ሊባኖስ ደብረ ወርቅ ሃም ድሕሪ
ዝተገብረ ናይ 5 ሰዓታት ጉዕዞ፡
ብቡራኬን ስርየትን ብጹእ ወቅዱስ
ፓትርያርክ ዝተመርሐ ጠቕላላ ናይ
ግብኣተ መሬት ስነ-ስርዓት ተኻዪዱ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ሚኒስተራት
ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን
መንግስትን ግንባርን፡ መራሕቲ
ሃይማኖት፡ ከምኡ’ውን ኣብ ኤርትራ
ዝመደበሮም ኣምባሳደራትን
ዲፕሎማሰኛታትን፡ ብ11 ሕዳር ካብ
ሰዓት 9፡00 ቅድሚ-ቐትሪ ክሳብ ሰዓት
5፡00 ድሕሪ-ቐትሪ፡ ብምኽንያት
ዕረፍቲ ኣቡነ ሉቃስ፡ ናይ መግለጺ
ሓዘን ክታም ኣንቢሮም።

ዋና ኣመሓዳሪ መንበረ
ፓትርያርክ፡ ኣባል ቅዱስ ሲኖዶስ
ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን
ኤርትራን ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት
ደቡብ - ዓዲቐይሕን ብጹእ ኣቡነ
ሉቃስ፡ ብ9 ሕዳር ኣብ መበል 94
ዓመት ዕድመኦም’ዮም ብሕማም
ዓሪፎም።

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ፡ 7ይ ጉባኤኡ ኣቃኒዑ
ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ፡
ብ11 ሕዳር ኣብ ኣስመራ 7ይ
ጉባኤኡ ኣቃኒዑ።

ኣቦ-መንበር ማሕበር ኣቶ
ዳንኤል ኣስፍሃ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡
ኣተኣማማኒ ውጽኢትን ሕክምናዊ
መርመራታትን ንኽህሉ ምጽዓር፣
ንቕሓት ኣባላት ምብራኽ፣
ከማኡ’ውን ምስ መሻርኽትን
ሞያውያን ጥዕናን ጥቡቕ ዝምድና
ምፍጣር ዝብል ቀንዲ ዕላማታት
ማሕበር ንምስማር፡ ኣብ ዝሓለፈ
ዓመታት ንዝተሰላሰለ ስራሕን
ገስጋሱን ዝምልከት መብርሂ ሂቡ።

ሓለፍቲ ኣካላት ማሕበር ብወገኖም፡
ማሕበር ኣብ ውሱን ጎስጓሳዊ
ንጥፈታትን ሞያዊ ስልጠናታትን
ተደሪቱ ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ ኣብ
መጻኢ ዝያዳ ኣድማዒ ኣበርክቶ

ንምግባር ብዝለዓለ ከምዝስራሕ
ገሊጾም።

ተጋባእቲ ኣብ ዳግመ-ክለሳ ቅዋም
ማሕበር ብዕምቈት ድሕሪ ምዝታይ፡
ንዝመጽእ 3 ዓመታት እተገልግል
ኣካያዲት ኣካል መሪጾም።

ወኪል ሚኒስትሪ ጥዕና ኣቶ መሓሪ
ወልዱን ሓድሽ ዝተመርጸ ኣቦ-
መንበር ማሕበር መምህር ኣማንኤል
መሓሪን ኣብ ዘስምዕዎ መዛዘሚ ቃል፡
ምስ መሻርኽቲ ርክባት ብምዕባይ፡
ብምስክርነት ዝተሰነየ ጎስጓሳት
ንኽካየድ፣ ንቕሓት ሕብረተሰብ
ንምብራኽ ድማ ኣድማዒ ስራሕ
ንኽዕመም፡ ተራ ኣባላት ማሕበር
ክዓዝዝ ኣተሓሳሲቦም።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ንክልተ እብረ
ነቲ ማሕበር ንዝመርሑ ኣባላት ናይ

ምስጋና ወረቐት ተዓዲሉ።
ኣብ 2002 ዝተመስረተ ምስ

ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንዝነብሩ
ዜጋታት ዝሓቊፍ ሃገራዊ ማሕበር

ብድሆ ኤርትራ፡ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ
ልዕሊ 6 ሽሕ ኣባላት ኣለውዎ።

ዓረዛ - ንስድራ ስዉኣትን ጽጉማት ወገናትን ደገፍ ተገይሩ
ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ
ድሕነትን ኣብ ን/ዞባ ዓረዛ፡ ኣብ
ዝሓለፈ ዓሰርተ ኣዋርሕ ኣስታት
ሓደ ሚልዮንን 300 ሽሕን ናቕፋ
ዝግመት ገንዘባውን ዓይነታውን
ደገፍ ንስድራ ስዉኣትን ጽጉማት
ወገናትን ዓዲሉ።

ሓላፊ ናይ’ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ
የማነ ኣሚነ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ
ወጻኢ ዝቕመጡ ኤርትራውያን
ዝለኣኽዎ ኣስታት 810 ሽሕ
ናቕፋ፡ ብምምሕዳራት ንዝተለልያ
147 ስድራ ስዉኣት ክመቓራሕ
ከሎ፡ 16 ኣለይቲ ዘኽታማት

ስድራቤታትን ሰለስተ ስንኩላን
ተመሃሮን ድማ ብኣስታት 177
ሽሕ ናቕፋ ብጥሪት ከምእተጣየሱ
ኣፍሊጡ።
ብዘይካ’ዚ፡ ን89 ጽጉማት ተመሃሮ
ዋጋ ኣስታት 11 ሽሕ ናቕፋ ናውቲ
ትምህርቲ ከምእተዓደለ፣ ግራውቲ

291 ስድራ ስዉኣት ድማ ብወፈራ
ከም እተሓርሰ ኣረዲኡ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ሃገራዊ
ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን
ኲናት ኤርትራ፡ ኣብ ኡፕሳላ
- ሽወደን ዝነብሩ ግዱሳት

ኤርትራውያን 300 ሽሕ ናቕፋ
ሓገዝ ከምዝገበሩሉ ሓቢሩ።

ኣቦ-መንበር ማሕበር ኣቶ ፍስሃየ
ተስፋሚካኤል፡ ነቲ ሓገዝ ንዝገበሩን
ምስ ማሕበር ንዝተሓጋገዙን
ምስጋና ኣቕሪቡ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.64 13 ሕዳር 2026 - ገጽ 2

ጥዕና ጥዕና
ሱሌማን ኣሕመድ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ብዝሓፍስ ፈሳስን ዋህዮታትን ዝቘመ እዩ።

ደም፡ ፕላዝማ ብዝበሃል ካብ ማይ ቍሩብ ‘ሉኬምያ’ - ዘይንቡር ምውሳኽ ጸዓዱ ዋህዮታት ደም
ፕላዝማ ኣስታት 55 ሚእታዊት ናይ ደም
ዘቖመ፡ ብሩህ ማያዊ ክፋል ናይ ደም’ዩ።
ዝበዝሐ ክፋል (ማለት 92 ሚእታዊት) ትሕዝቶ
ፕላዝማ - ማይ እዩ።

ዋህዮታት ደም ኣስታት 45 ሚእታዊት
ኣብ ደም ዘሎ ውህደት የቑሙ። እዚኦም ኣብ
ፕላዝማ ዘንሳፍፉ ቀያሕቲ ዋህዮታት፡ ጸዓዱ
ዋህዮታት፡ ከምኡ’ውን ፕላትለት ይብሃሉ።

ደም ዝተፈላለየ ዕማም ብዘለዎም ቀያሕትን
ጸዓዱን ዋህዮታት ይቐውም። ቀያሕቲ
ዋህዮታት ደም ሆሞግሎቢን ዝሓቖፈ እዩ።
ሆሞግሎቢን - ኦክስጅን ዝስከም ፕሮቲን እዩ።
ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ነፍሲ-ወከፎም
ናይ 4 ኣዋርሕ ዕድመ እዩ ዘለዎም። ኣካላትና
ነቶም ዝሞቱ ቀያሕቲ ዋህዮታት ንምትካእ
መዓልታዊ ሓደስቲ ዋህዮታት የፍሪ። ቀያሕቲ
ዋህዮታት ደም ካብ ዓጽሚ ኣንጉዕ እዮም
ዝስርሑ።

ጸዓዱ ዋህዮታት ደም፡ ቀንዲ ክፍሊ ሕማም
ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ሰብነትና እዮም።
ሕማም ናይ ምጽዋር ስርዓት ሰብነትና፡ ካብ
ዝተፈላለዩ ሕማማትን ረኽስታትን ንምክልኻል
ይሕግዘና።
ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ከከም ዓይነቶም
ዕድመኦም ካብ ናይ ሰዓታት ክሳብ ዓመት
ይጸንሕ። ኣካላትና ቀጻሊ እዩ ጸዓዱ ዋህዮታት
ደም ዘፍሪ።

ፕላትለትስ፡ መድመይቲ ምስ ዘጋጥም

ንኸቋርጽ ዝሕግዙ፡ ዲስኮ (ብያቲ) ዝቕርጾም
ደቀቕቲ ዋህዮታት ደም እዮም። ፕላትለትስ
ኣብ ሻምብቆታት ደም ንኣስታት 9 መዓልታት
ዕድመ ጥራሕ እዮም ዝጸንሑ። ቀጻሊ ድማ
ካብ ኣንጉዕ ናይ ዓጽሚ ብዝተሰርሑ ካልኦት
ይትክኡ።
ዓይነት ሕማም ደም
ኣብ ጸዓዱ ወይ ኣብ ቀያሕቲ ዋህዮታት
ደም፡ ከምኡ’ውን ኣብ ዑደት ደም ወይ ኣብ
ምርጋእ ናይቲ ዝውሕዝ ደም ዝርአ ጸገማት
ኩሉ ምስ ዓይነት ሕማም ደም ይምደብ።
ኩሎም እዞም ንደም ዘቑሙ ሰለስተ ዋህዮታት፡
ቀያሕቲ ጸዓዱን ፕላትሌትስን፡ ካብ ዓጽሚ
ኣንጉዕ እዮም ዝስርሑ። ዓጽሚ ኣንጉዕ እቲ

ኣዝዩ ልስሉስ ዝኾነ ቲሹ ኮይኑ ኣብ ውሽጢ
ዓጽሚ ይርከብ። ዓይነት ሕማም ዋህዮታት
ደም’ምበኣር ኣብዞም ዝተጠቕሱ ንደም ዘቑሙ
ዋህዮታት ዘጋጥም መጉዳእቲ እዩ ዘነጽር።
ዓይነት ሕማም ዋህዮታት ደም
ንመላእ ጥዕናና ክጸልዉ ዝኽእሉ ሓያሎ
ዓይነት ሕማም ዋህዮታት ደም እዮም ዘለዉ።

ሕማም ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም
ኣነሚያ፦ ሓደ ካብ ዓይነት ሕማም
ዋህዮታት ደም ኣነሚያ እዩ። ኣነሚያ፡ ኣብ
ደም ዝህሉ መጠን ኣይረን ምስ ዝውሕድ
እዩ ብብዝሒ ዝፍጠር። ሰብነትና ‘ሄሞግሎቢን’
ዝተባህለ ፕሮቲን ከፍሪ ኣይረን የድልዮ።
‘ሄሞግሎቦን’ ድማ
‘ታላሰሚያ’ - ኣብ ተወርሶኣዊ ምልዋጥ ናይ
ጀነቲካዊ ቅርጺ፡ መዛርዕ ወይ ባህሪ ብዝርአ
ጸገም፡ ኣብ ሰብነት እኹል ‘ሄሞግሎቢን’
ክፈሪ ብዘይምኽኣሉ ዝፍጠር ዓይነት ሕማም
ደም እዩ። ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም እኹል
‘ሄሞግሎቢን’ ምስ ዘይህልዎም ከኣ መላእ
ሰብነትና ዘድልዮ ኦክስጅን ክረክብ ኣይክእልን።
ከም ሳዕቤኑ ኣካላት ሰብነትና ብዝግባእ ክዓዩ
ኣይክእሉን።

ሕማም ጸዓዱ ዋህዮታት ደም

ጸዓዱ ዋህዮታት ደም፡ ‘ሉኮሳይተስ’ (leuk-
kocytes) እውን ይበሃሉ እዮም፡ ሰብነትና ካብ
ሕማም ኣብ ምክልኻል እዩ ዝነጥፍ። ኣብ
ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ዘጋጥም ጸገም፡ ብቐጥታ
ንስርዓተ ምክልኻል ሕማም ሰብነትና እዩ
ዝጸሉ።

ልይምፎማ - Lymphoma

ዓይነት መንሽሮ ደም ኮይኑ ንስርዓተ

‘ሊምፍ’ (lymphatic system) የጥቅዕ። ጸዓዱ
ዋህዮታት ደም ካብቲ ክኾንዎ ዝግብኦም
ቅርጽን ብዝሕን ብምዕባዮም ዘጋጥም ጥዕናዊ
ጸገም እዩ። ስርዓተ-‘ሊምፍ’፡ ኣብ መላእ
ሰብነትና ተዘርጊሑ ዝርከብ ኣዝዩ ተኣፋፊ
መርበብ ሻምብቆ እዩ። ኣብ ሻምብቆታት ደም
ነዝዒ ብምልሓዅ ናብ ኩሉ ክፍሊ ሰብነትና
የበጻጽሕ። ኣብ ኣላትና ዝህሉ ዓቐን ፈሳሲ
ምቁጽጻር ሓደ ካብቲ ዝለዓለ ተራ ናይ’ዚ
ስርዓት እዩ።

ሉኬምያ - Leukemia
ሉኬምያ፡ ዓይነት መንሽሮ ደም ኮይኑ፡
ኣንሰይቲ ጽኪ ኣብ ውሽጢ ዓጽሚ ኣንጉዕ
ብልዑል ቁጽሪ ክትፈሪ እንከላ የጋጥም።
ሉኬምያ ዘየላቡ ወይ ሕዱር ክኸውን
ይኽእል። እቲ ሉኬምያ ሕዱር ዓይነት
እንተኾይኑ ቀስ ብቐስ እዩ ዝምዕብል።
ምየሎዳይስፕላስቲክ - Myelodysplastic
እዚ ኣብ ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ዝርአ
ጸገም’ዚ መፈጠሩ ኣብ ዓጽሚ ኣንጉዕ እዩ።
ሰብነትና ዘይዓኾዅ ዋህዮታት (blasts)
ብብዝሒ ብምፍራዩ ይኽሰት። እዞም
ዘይዓኾዅ ዋህዮታት፡ ኣብ’ቶም ጥዕና ዘለዎም
ዋህዮታት ብምዕሳል ግቡእ ስርሖም ከይዓይ
ዕንቅፋት ይኾኑዎም። ኣብ ገለ ኩነት ጠንቂ
ሕማም ሉኬምያ ኮይኑ’ውን ይጥቀስ እዩ።

ዓይነት ሕማም ፕላትሌትስ
ሓደጋ ወይ መቑረጽቲ ከጋጥመና እንከሎ፡
ቀልጢፎም ግብረ መልሲ ካብ ዝህቡ ክፍሊ
ኣካላትና ኣብ ደምና ዝርከቡ ‘ፕላትሌትስ’
እዮም። እዞም ‘ፕላትሌትስ’ መጉዳእቲ ኣብ
ዘጋጠሞ ክፍሊ ሰብነት ብምትእኽኻብ፡ ግዜኣዊ
መዕበሲ ብምፍጣር ደም ንደገ ብብዝሒ ካብ
ምፍሳስ ይከላኸሉ። ጸገም ምርጋእ ደም ምስ
ዝህልወና ኣብ ደምና እዞም ዝስዕቡ ዘይንቡር
ነገራት ተኸሲቶም ከም ዘለዉ ዘረድእ እዩ።
• እኹል ‘ፕላትሌስ’ ዘይምህላው
(Not enough platelets)፦ ኣብ ሰብነትና
እኹል ‘ፕላትሌትስ’ ምስ ዘይህሉ፡ ዋላ ንእሽቶ
መጉዳእቲ ብዙሕ ደም ከም ዝፈሰና ስለ
እትገብር ንህይወትና ሓደገኛ እዩ።
• ልዕሊ ዓቐን ‘ፕላትሌትስ’ ምስ ዝህልው
(Too many platelets)፦ ልዕሊ ዓቐን
‘ፕላትሌትስ’ ኣብ ደምና ምህላው፡ ኣብ ሻምብቆ
ደም ዘይንቡር ምርጋእ ደብ ብምፍጣር ክዓብሶ
ይኽእል። ከም ሳዕቤኑ ወቕዕን መጥቃዕቲ
ልብን የጋጥመና።
• ብግቡእ ክረግእ ዘይክእል ‘ፕላትሌትስ’
(Platelets that don’t clot correctly)፦
ሓደ ሓደ እዋን፡ ዝጎርበጡ ‘ፕላትሌትስ’
ነንሕድሕዶም ክጣበቑ ስለ ዘይክእሉ፡ ብግቡእ
ደም ከርግኡ ኣይክእሉን። እዚ ናብ ዝኸፍአ
ምፍሳስ ደም ከሰጋግር ይኽእል።

ሄሞፊልያ - Hemophilia
‘ፕላትሌትስ’ ብግቡእ ደም ከርግኡ
ብዘይምኽኣሎም ክስዕብ ዝኽእል ዘይንቡር
ምፍሳስ ደም ‘ሄሞፊልያ’ ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ
ዝበዝሕ እዋን ኣብ ደቂ ተባዕትዮ እዩ ዘጋጥም።

ንዝተናውሐ ግዜ ዝርአ ጽዑቕ ምፍሳስ ደም
ሓደ ካብቲ ከቢድ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ‘ሄሞፊልያ’
እዩ። እዚ ዓይነት ምፍሳስ ደም ናብ ደገ ወይ
ናብ ውሽጢ ሰብነት ክኸውን ይኽእል።

‘ሉኬምያ’ እንታይ እዩ፧
ሉኬምያ ንጸዓዱ ዋህዮታት ደም ዝትንክፍ
ኩሉ ዓይነት ሕማም መንሽሮ የመልክት።
ብኸመይ እቲ መንሽሮ ይምዕብል፡ ኣብ
ዓይነት ናይ ሉኬምያን ኣገባብ ኣጠቓቕዕኡን
ይምርኮስ።
ሉኬምያ፡ ብሰንኪ ዘይንቡር ምውሳኽ
ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ይኽሰት።
ንቀያሕቲ ዋህዮታት ደም፡ ንጸዓዱ ዋህዮታት
ደም፡ ከምኡ’ውን ን’ፕላትሌስ’ ዝሓቁፍ ኣዝዩ
ግዙፍ ምደባ ናይ ደም ዋህዮታት እዩ ዘሎ።
ብሓፈሻዊ ኣገላልጻ፡ ሉኬምያ ግን ንመንሽሮ
ጸዓዱ ዋህዮታት ደም እዩ ዘመልክት።

እቶም ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ልዕሊ
ዓቐን ስለ ዝእከቡ፡ ንቀያሕቲ ዋህዮታት
ደምን ‘ፕላትሌትስ’ን ግቡእ ጥዕናዊ ስርሖም
ካብ ምክንዋን ዕንቅፋት ይኾኑዎም። እቲ
ተፈጢሩ ዘሎ ልዕሊ ዓቐን ትርፊ ጸዓዱ
ዋህዮታት ደም’ውን ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል
ኣይከውንን።
ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ኣብ ተፈጥሮኣዊ
ስርዓተ - ምክልኻል ሕማም ልዑል ተራ እዩ
ዘለዎም። ኣካላትና ብባክተርያ፡ ቫይረስ፡ ዕሲ

(fungi)፡ ዘይንቡር ዋህዮታት (abnormal
cells) ከምኡ’ውን ካብ ካልኦት ባዕዳውያን
ታህዋስያን (foreign substances) ከይጥቃዕ
ይከላኸሉ።

ሉኬምያ ኣብ ዝሓመመ ሰብ ግና፡ እቶም
ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ከም ንቡር ንጥፈታቶም
ኣይዓዩን እዮም። እቶም ዘይንቡር ጸዓዱ
ዋህዮታት ብብዝሒ ስለ ዝራብሑ፡ ነቶም
ንቡራት ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ክዕብልልዎም
እዮም ዝረኣዩ።

መብዛሕትኦም ጸዓዱ ዋህዮታት ደም፡
ካብ ኣንጉዕ ናይ ዓጽሚ እዮም ዝራብሑ። ገለ

ዓይነት ግና ካብ ሱር ዕያገነዳ (lymph nodes)፡
ካብ ላልሽ (spleen) ከምኡ’ውን ካብ ጽኪ ናይ
ክሳድ (thymus gland) ይስርሑ።

ሓንሳብ ምስ ቆሙ፡ ብሻምብቆታት ደም
ኣቢሎም ናብ መላእ ሰብነትና እናተጓዕዙ
ካብ ረኽስን ካልእ መጥቃዕትታት ሕማምን
ይከላኸሉ።
ምልክታት ሉኬምያ
ዝተፈላለዩ ዓይነት ሉኬምያ እዮም ዘለዉ።
ዝተፈላለየ ጥዕናዊ ጸገማት ድማ የስዕቡ። ሓደ
ሰብ ሉኬምያ ምስ ዝሓምም ኣብቲ ፈለማ
ዝኾነ ዓይነት ምልክት ክረኣዮ ኣይክእልን
ይኸውን። እቲ ሕማም እናበኣሰ ኣብ ዝኸደሉ
ደረጃ ግና፡ እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ክረኣዩ
ይኽእሉ፦
• ዋላ ዕረፍቲ ወሲድካ ክጠፍእ ዘይክእል
ምስልካይን ድኻምን፡
• ምቑሳልን ብቐሊሉ ምድማይን፡
• ረስንን ቁሪ-ቁሪ ምባልን፡
• ተደጋጋሚ ረኽሲ ኣካላት፡
• ቃንዛ ኣብ ኣዕጽምትን መላግቦን፡
• ቃንዛ ርእሲ፡ ከምኡ’ውን ዘየቋርጽ ቃንዛ
ኣብ ክሳድ፡
• ተምላስ፡
• ምንፍርፋር፡
• ዘይንቡር ምቕናስ ክብደት ሰብነት፡
• ተደጋጋሚ ምርሃጽ ብፍላይ ኣብ ግዜ
ለይቲ፡
• ሕጽረት እስትንፋስ፡
• ምውሳኽ ዓቐን ጸላም ከብድን ላልሽን፡
• ምፍሕሻው ቆርበት ሰብነት ወዘተ እዮም።
ሉኬምያ ናብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ኣካላት

ክበጽሕ እንከሎ፡ ኣብቶም ኣካላት ብዘውርዶ
ጉድኣት ዝተፈላለየ ምልክታት የስዕብ እዩ።
ንኣብነት፡ እቲ መንሽሮ ናብ ስርዓተ መትኒ
ከስፋሕፍሕ እንከሎ፡ ከም፦
• ተደጋጋሚ ቃንዛ ርእሲ፡
• ተምላስን ዕግርግርን፡
• ምስሓት ኣድህቦ፡
• ጭዋዳታት ሰብነት ብግቡእ ክትቆጻጸር
ዘይምኽኣል፡
• ምንፍርፋር ዝኣመሰሉ ምልክታት ይፈጥር

እቲ መንሽሮ ብኸመይ የስፋሕፍሕ ኣብ
ዓይነት ናይቲ ሉኬምያ እዩ ዝምርኮስ።
ሉኬምያ ናብ ካልእ ክፍሊ ሰብነትና’ውን
ከስፋሕፍሕ ይኽእል እዩ።
• ኣብ ጸላም ከብዲ፡
• ኣብ ኣምዑት፡
• ኣብ ልቢ፡
• ኣብ ኩሊት፡
• ኣብ ፍረ-ነብሲ ከስፋሕፍሕ ይኽእል።
ዓይነታት ሕማም ሉኬምያ
ሉኬምያ ብቕልጣፈ ኣመዓባብልኡን በቲ
ዘውርዶ ጉድኣትን፡ ከምኡ’ውን ብዓይነት
ናይቶም ኣብቲ ሕማም ዝዋስኡ ዋህዮታት፡
ኣብ ክልተ ይኽፈል።
ብቕልጣፈ ኣመዓባብልኡ ከቢድ/ ቅጽበታዊ
(acute) ከምኡ’ውን ሕዱር (chronic) ተባሂሉ
ይኽፈል።

- ከቢድ/ ቅጽበታዊ ሕማም ሉኬምያ፡-
መብዛሕትኦም እቶም ዘይንቡራት ዋህዮታት
ደም ቀልጢፎም ምስ ዘይዓኵን ንቡር ስርሓት
ዋህዮታት ደም ከካይዱ ምስ ዘይክእሉን
ዝኽሰት ዓይነት ሕማም ሉኬምያ እዩ። ኣብዚ
እቲ ግዳይ ቀልጢፉ በቲ ሕማም ክዳኸም እዩ
ዝርአ። ብዙሕ ከይጸንሐ’ውን ሞት ከጋጥሞ
ይኽእል።
- ሕዱር ሕማም ሉኬምያ፡ እቶም ዘይዓኵ
ዋህዮታት ውሑዳት እዮም። እቶም ካልኦት
ግና ብግቡእ ማዕቢሎም ንቡር ስርሖም እዮም
ዘካይዱ። ኣብዚ እቲ ሕማም ቀስ ብቐስ እዩ
ክምዕብል ዝርአ። ግዳይ ናይዚ ሕማም ግቡእ
ሕክምናዊ ፍወሳ እናተገብረሉ ብህይወት
ነዊሕ ክጸንሕ ይኽእል።

ሉኬምያ ብዓይነት ኣብቲ ሕማም ዝሳተፉ
ዋህዮታት ክርአ እንከሎ፡ ‘ሊምፎሳይቲክ’
(Lymphocytic) ከምኡ’ውን ‘ማይለጀኖስ’
(Myelogenous) ተባሂሉ ኣብ ክልተ ይኽፈል።
ኣብ ‘ሊምፎሳይቲክ ሉከምያ’ ልዕሊ ዓቐን ጸዓዱ
ዋህዮታት ደም ስለ ዝፈረዩ እዩ ዝኽሰት። ኣብ
‘ማይለጀኖስ ሉከምያ’ ግና እቶም ቀያሕቲ
ዋህዮታት ደምን ‘ፕላትሌትስ’ን ስለ ዝሰሓዉ
ክፍጠር ይኽእል።

ን’ሉኬምያ’ ተኣፈፍቲ መን እዮም፧
ጠንቂ ሉኬምያ እንታይ ምዃኑ ዝፍለጥ
ኣይኮነን። ሉኬምያ ዘለዎም ሰባት ዘይንቡር

‘ክሮሞዞም’ (chromosome) እዮም ዘማዕብሉ።
እቲ ‘ክሮሞዞም’ ግን ጠንቂ ሉኬምያ
ኣይከውንን እዩ።
ሉኬምያ ክትከላኸሎ ዝከኣል ኣይኮነን። ገለ
ነዘውትሮም ንጥፈታት ድማ ነቲ ሕማም
መሊሶም ከብእስዎ ይኽእሉ እዮም።
• ተትክኽ እንተዄንካ፡
• ንጸርግታት (radiation) ወይ ንዝተወሰኑ
ከሚካላት ዝተቓላዕካ ምስ እትኸውን፡

• ሕማም ካንሰር ንኽትፍውስ ኣቐዲምካ

ናይ ጸርጊ ፈወሳ (radiation therapy) ወይ
ከሚካል ፍወሳ (chemotherapy) ኣካይድካ
ምስ እትፈልጥ፡
• ገለ ካብ ስድራቤትካ ብሉኬምያ ተጠቒዖም
ምስ ዝነብሩ፡

• ከም ‘ዳውን ሲንድሮም’ ዝኣመሰሉ
ጀነቲካዊ ምዝንባዕ ምስ ዝህልወካ ብሉኬምያ
ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሪ፡ ዋና ኣመሓዳሪ መንበረ ፓትርያርኽ ብጹእ ኣቡነ ሉቃስ

ስእሊ- ኣክሊሉ ዘርእዝጊ
ኣብርሃም በየነ

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.64 13 ሕዳር 2026 - ገጽ 4

ቃለ- መሕተት ቃለ- መሕትት
“ገመል ንወፍሪ ከነውዕሎ ኣለና” ኣቶ ሳልሕ መሓመድ ኣቡበከር

- ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ፡ ነዚ
ዓይነት ስፖርት’ዚ ካብ መዓስ’ዩ ክከታተሎን
ከተኣታትዎን ከካይዶን ጀሚሩ፧

ብሓፈሻ ብዛዕባ እዚ ዓውደ ስፖርት’ዚ
ከም ትልሚን ተበግሶን ሓሳብ፡ ካብ 2007
ኣቢሉ ብንኡስ ኮሚተታት’ኳ እንተ ተበገሰ፡
ብቐንዱ ግን ኮምሽን ባህልን ስፖርትን
ኤርትራ፡ ካብ ቅድሚ 10 ዓመት ጀሚሩ ነዚ
ጕዳይ’ዚ ብልዑል ተገዳስነት ስለ ዝጠመቶ፡
ፈለማ ንዕኡ እትከታተል ኮሚተ ኣቚሙ።
እዛ ኮሚተ፡ ናብ ፈደረሽን ማዕቢላ። ሃገራዊ
ፈደረሽን ቅድድም ኣግማል ኤርትራ ከኣ፡
ሓንቲ ካብተን 12 ሃገራውያን ፈደረሽናት
ስፖርት ኤርትራ ኰይና ማለት እዩ። ኣብ
ትሕቲ ጽላልን ኣላይነትን ኮምሽን እትነጥፍ
ኰይና - ብሓገዝ፡ ባጀትን መምርሕን
መንግስቲ እትካየድ ሃገራዊ ፈደረሽን እያ።

- እዚ ዓይነት ስፖርት’ዚ ዝያዳ ኣብ
ህዝብና ዕዙዝ ንምግባሩ እንታይ እዩ ክግበር
ዘለዎ፧

እዛ ፈደረሽን ከምቲ ካልእ ዓይነት ስፖርት
ዝያዳ ተቐባልነታ ኣብ ህዝቢ ንምዕዛዝን
ንምልላይን ክሳብ ሕጂ ኣብ ጐስጓስ ኢና
ንርከብ ዘለና። ልክዕ’ዩ ንቕሓት ህዝቢ
ክብርኽ ኣለዎ። ስለ ዝዀነ ኢና’ውን እኮ
ነዚ ቃለ-መሕተት ምሳኻ ነካይዶ ዘለና።
ክሳብ ሕጂ ኣብዚ ውድድር ብኽልተ
ዓይነት ኢና ንኸይድ ዘለና። እቲ ሓደ፡
እቲ ዝጸንሐ ልሙድ ኣገባብ ከምቲ ዘለዎ
ይቕጽል ኣሎ። እቲ ዘመናዊ ውድድር ግን፡
ከነተኣታትዎ ጀሚርና ኣለና።

- ዘመናዊ ውድድር ክንብል እንከለና
ከመይ ማለት እዩ፧

ዘመናዊ ውድድር ክንብል እንከለና፡ እቲ
ዝወደዳደር ዓይነት ገመል ፍሉይ እዩ። ዓቢ
ፍልልይ ኣለዎ ኣብ መንጎ ህጅንን ገመልን።

- ከመይ፧

ዝዀነ ህጅን ገመል ክኸውን ይኽእል
እዩ። ዝዀነ ገመል ግን ህጅን ክኸውን
ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ ህጅን ፍሉያት
ዓይነት ኣግማል እዮም። ስልጡናትን
በላሕትን፡ ንቕድድም ዝበቕዑ ዓይነት
ኣግማል እዮም።

- ከመይ ዓይነት ድዮም፧
ነብሶም ድቕቕ ዝበሉ እዮም። መሓውር

ኣብ ውድድር ንዝተዓወቱ ዝወሃብ ሽልማት ወርቂ ሴፍ

ኣቶ ሳልሕ ምስ ፕ/ት ፈደረሽን ቅድድም ኣግማል ዓለም ኣሚር ፋሃድ ቢንጀላዊ

ኣቶ ሳልሕ ኣብ ዋዕላ ኣግማል

ተወዳደርቲ ሃገራት ምስ ሰንደቐን

ኣእጋሮም ቁሩብ ትርር ዝበለ እዩ። ገፊሕ
ሳንቡእ ስለ ዘለዎም ናይ ምስትንፋስ ጸገም

ኣየጋጥሞምን። ኣብ ልምምድ (ትረይን)
ቀልጢፍካ ነገራት ናይ ምርዳእን ናይ ምሓዝን፡
ናይ ምስልጣንን ባህርያት ኣለዎም። ዳርጋ
ኩሉ ነብሶም ከም ኢራብ ዝዘሉን ዝተዓጻጸፉን
እዮም። ነዞም ኣግማል እዚኦም ብዓይነት፡ ጾታ፡
ዕድመ፡ ብናይ ርሕቀት ተጻዋርነት ፈላሊና
በቲ እቲ ዘመናዊ ውድድር ዝጠልቦን
ዝሓትቶን ኣገባብ ከነተእታትዎ ጀሚርና
ኣለና። ከም ኣብነት፡ ኣብ ዝዀነ ውድድር
ዓይነት ስፖርት ኣብ ብሽክለታ፡ ኣትለቲክስ
ይኹን ገመል፡ እቲ ቀንዲ ኣብ ግምት ክኣቱ
ዘለዎ እቲ ግዜ እዩ። ነዚ ርሕቀት’ዚ ኣብ
ክንደይ ግዜ ይኣትዎ፡ እቲ ቀንዲ ረቛሒን
መዐቀንን። ቅልጣፈ ወሳኒ እዩ። ዝዀነ
ስፖርተኛ ነቲ ግዜ ናቱ ክሕሉን ክዕቅብን’ዩ
ዘለዎ። ከም ኣብነት፡ ሓደ ገመል ኣብ ሓንቲ
ኪ/ሜ ኣብ ሓንቲ ደቒቕን ርብዒን ክኣቱ
እንተ ደኣ ዀይኑ፡ ጽቡቕ ከይዱ ኣሎ ማለት
እዩ። በዚ ኣገባብን ስሩዕ ውድድራትን ግዜን
ካልእ ዓበይቲ ረቛሒታትን ናይ’ቲ ውድድር
እናማላእካ ምክያድ ከኣ፡ ሸቶታት ናይቲ
ዝሕሰብ ምህራም እዩ። ናብቲ ዝደለናዮ
ንኽንበጽሕ ድማ፡ ነቲ ዘመናዊ ኣገባብ ድሮ
ጀሚርናዮ ኣለና። ክሳብ ሕጂ ግን፡ ንሕና
ብሰብ ኢና ንገብር ዘለና። ኣብዚ ሕጂ እዋን
ክልተ ዓይነት ዘመናዊ ውድድር ናይ ገመል
እዩ ዘሎ። እቲ ሓደ ብሰብ፡ እቲ ካልእ ድማ
ብሪፖት እዩ ዝካየድ
እዩ። እቲ ሪፖት
ብማዕዶ ኰይንካ
ብማሽን ብሪሞት
ገይርካ ኢኻ ነቶም
ተወዳደርቲ ኣግማል
ትእዝዞም። ክንዲ
ዝተደለየ ርሕቀት
ቅልጣፈ ክውስኽን
ከጉድልን እንተ ደኣ
ተደልዩ፡ ነቲ ገመል
ብሪሞት ይእዝዞ።
እቲ ገመል ልክዕ ከም
ሰብ፡ ኩሉ ዝተባሃሎ እዩ ዝገብርን ዝሰምዕን።
ምኽንያቱ ስልጠና ዝወሰደ እዩ። ንገመል
ጽቡቕ ገይርካ እንድሕር ደኣ ኣሰልጢንካዮ፡
ከምቲ ተቐዳዳማይ ናይ ብሽክለታ፡ ኣበይ
ቮላታ ይገብር ወይ የጥቅዕ ገመል ይፈልጦ
እዩ። 200 ሜትሮ ምስ ተረፎ ቅልጣፈ ድዩ

ክውስኽ ዋላስ ግዜ ዓቂቡ’ዩ ክጐዪ፡
ኩሉ ነገር ይፈልጦ እዩ። እንተ ደኣ
ወዲኡ ከኣ፡ ኣብ መዛዘሚ ሕንጻጽ
ከም ዘሎ ይፈልጥ እዩ። ሕጂ ንሓደ
ገመል ኣብ ውድድር ዘይኰነ፡ ኣብቲ
ስልጠና’ዩ እቲ ወሳኒ ነገር። ንሕና
ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ደረጃ ንምሓዝ
ከነሰልጥን’ውን ጀሚርና ኣለና።

- ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ፈደረሽን
ኣግማል ኣበይ ሃገር እዩ ዝርከብ፧
ኤርትራኸ መዓስ እያ ኣባል ናይዚ
ፈደረሽን ኰይና፧

ኤርትራ ኣባል ናይ ዞባውን ዓለማውን
ፈደረሽናት እያ። ኣባል ጥራሕ ዘይኰነት፡
ሓንቲ ካብተን መስረትቲ ፈደረሽን
ቅድድም ኣግማል ኣፍሪቃን ዓለምን
እያ። ኣብ 2003 ማሕበር ቅድድም

ኣግማል ዓረብ ኣብ ኩወይት ቈይሙ።
ኣብ 2015 ድማ፡ ፈደረሽን ቅድድም
ኣግማል ኣፍሪቃ፡ ኤስያ፡ ኤውሮጳ
ተመስሪቱ። ኤርትራ ድማ፡ ሓንቲ ካብተን
ነዚ ፈደረሽን’ዚ ንኽምስረት ወሳኒ ተራ
ዝተጻወተት ሃገር እያ። ብተወሳኺ፡ ኣብ

ፈደረሽን ቅድድም ኣግማል ኣፍሪቃ፡ ከም
ምክትል ፕረዚደንት ናይቲ ፈደረሽን
ኰይና ትመርሕ ኣላ። ፈደረሽን ቅድድም
ኣግማል ኣፍሪቃ ማእከላይ ቤት ጽሕፈቱ
ኣብ ከተማ ካርቱም ሱዳን እዩ። ቁሩብ
ሕጂ ምስ እዚ ኩነታት ደኣ ኣጸጋሚ
ኰይኑ ኣሎ እምበር፡ ቀጻሊ ቀጥታዊ
ርክባት ኣለና። ብድሕሪ’ዚ፡ እዘን ኣብ
ላዕሊ ዝጠቐስናየን ሰለስተ ክፍለ-ዓለማት
ነናተን ፈደረሽናት ምስ ኣቘማ፡ ኣብ
መስከረም 2018 ኣብ ኣጣይፍ ሃገረ
ስዑድያ ተረኺበን ዓለም-ለኻዊ ፈደረሽን
ቅድድም ኣግማል ተመስሪቱ። ስለ’ዚ
ኤርትራ ሓንቲ ካብተን 13 ሃገራት
ዓለምለኻዊ ፈደረሽን ቅድድም ኣግማል
ዝመስረተት ሃገራት እያ። ንሱ ጥራሕ
ዘይኰነ፡ ኣብ ንድፊ ናይቲ ቅዋሙ፡ ዝቐረበ

መጽናዕትታትን ድማ ናታ እጃም ነይሩዋ።
ስለ’ዚ ብሓሳብን ኣካልን ኤርትራ፡ ኣብ
ምምስራት ናይዚ ኣህጕራውን ዓለማውን
ፈደረሽን ካብተን ብልዑል ዝጥቀሳ ሃገራት
እያ። ከም ፈጻሚት ኣካል ኰይና ስለ

ትነጥፍ፡ ላዕለዋይ ኢድ ኣለዋ። እቲ ብ13
ሃገራት ዝቘመ ኢንተርናሽናል ፈደረሽን
ቅድድም ኣግማል፡ ኣብዚ ሕጂ ሰዓት
ናብ 73 ሃገራት ቊጽሪ ኣባላቱ ክብ ኢሉ
ኣሎ። ፈደረሽን ቅድድም ኣግማል ኣብዚ
ሰዓት’ዚ፡ ዳርጋ ኣብ መላእ ዓለም ተዘርጊሑ
ኣሎ። ኣብ ኣፍሪቃ እንተ ደኣ ወሲድና፡
ክንምስርት እንከለና 7 ዝነበርና ኣብዚ ሕጂ
እዋን 28 ሃገራት ኣለና።

- ብሓፈሻ ዕቑር ዓቕሚ ኤርትራ ኣብዚ
ፈደረሽን ከመይ’ዩ ዝረአ ከተብርሃልና፧
ኣብ’ዚ ውድድር’ዚ ዓቢ ተመኩሮ ዘለወን
ሃገራት’ከ ብዓል መን እየን፧

መጀመርያ እዚ ዘመናዊ ስፖርት
ቅድድም ኣግማል ድሒሩ ዝመጽአ
ዓይነት ስፖርት እንድዩ። ናይ መጀመርያ
ብውዱብን ባጀትን ኣገባብ ብኣላይነት
ናይ መንግስቲ ዝተኻየደ ኣብ 1973 ኣብ
ኣብ ስዑዲ ዓረብ እዩ ነይሩ። ድሒሩ ኣብ
ሃገራት ጋልፍ ኣብዘን ብዓል ኩዌት፡ ቀጠር፡
ገለ ክፋል ኣፍሪቃ ኣቢሉ ተዘርጊሑ። እቲ
ዘገርም እዚ ዓይነት ስፖርት’ዚ፡ ህዝባውን
ኣዝዩ ተፈታውን እዩ። ከምዚ ዝዀነሉ
ምኽንያት ድማ፡ ምስ ከባብን ባህልን
ኣህዛብ ተሳንዩ ዝኸይድ ልምዲ ስለዝዀነ
እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ብምዕቡል ኣገባብ
ዘካይደኦ ዘለዋ ከምኡ’ውን ሓያል ሰረትን
ድሕረ-ባይታን ክህልዎ ዝገበራ ሃገራት ድማ፡
ሃገራት ጋልፍ እየን። ቀዳመይቲ ስዑድያ
እያ። ብድሕሪኣ ቀጠር፡ ቀጺላ ኩዌት፡
ኢማራት፡ ምስሪ፡ ሱዳን...ወዘተ እናበልካ
ዝኸዳ እየን። እተን ዝበለጻ መወዳደሪ
ኣግማል ከኣ ኣብ ከም ብዓል ሱዳን እየን
ዘለዋ። ኣብ ኤርትራን ሱዳንን ዘለዋ ኣግማል
ከኣ ሓደ እየን። ስለዚ ሃገርና’ውን ዋላ ደኣ

ኣብ ናይ ረቡዕ 11 ሕዳር 2026
ሕታምና፡ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ድሕረ-ባይታ
ገመልን ፈደረሽን ቅድድም ኣግማል
ሃገርና፡ ጎደቦናን ዓለምናን ኣመልኪትና፡
ምስ ፕረዚደንት ፈደረሽን ቅድድም
ኣግማል ኤርትራ ኣቶ ሳልሕ መሓመድ
ኣቡበከር ቃለ-መሕተት ኣካይድና
ከም ዝነበርና ይፍለጥ። ንሎሚ ድማ
2ይ ክፍሉ ይስዕብ።

ውሑዳት ይኹኑ እምበር፡ እቶም ጽቡቓት
ናይ ውድድር ኣግማል ህጅን ከም ዘለዉዋ
ክፍለጥ ይግባእ።

- ኣብዚ ሕጂ እዋን ዝተፈላለዩ ዓይነታት
ስፖርት ዓበይቲ ጽላታት ኰይኖም’ዮም
ዝርከቡ ዘለዉ’ሞ፡ ውድድር ኣግማልከ
እንታይ ረብሓ ኣለዎ ትብል፧

ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ቅድድም ኣግማል፡
ሓደ ዓቢ ወፍሪ ኰይኑ እዩ ዝርከብ።
ከም ኣብነት ሓደ ገመል ኣብ ውድድር
ኣብ ሓንቲ ደቒቕ 5 ኪ/ሜ ዝጐዪ እንተ
ደኣ ኰይኑ፡ ሓደ ገመል ኣብ ውድድር
እንተ ደኣ ተዓዊቱ ዋጋ ሓደ ሚልዮን
ሪያል ወርቂ ሴፍ ዝሽለም እንተ ደኣ
ሃልዩ ከመይ ወፍሪ ዘይከውን። ሓደ ኣብ
ውድድር ዝስለፍ ተቐዳዳማይ ገመል ካብ
800 ሽሕ ደርሃም ክሳብ 20 ሚልዮን
ደርሃም ዝበጽሕ እንተ ደኣ ኰይኑ፡ እንታይ
ኰይኑ ወፍሪ ዘይከውን። ሓደ መቀዳደሚ
ገመል ክትሸጦ እንተ ደኣ ኴንካ’ውን
ብ10፡ 15፡ 20 ክሳብ 30 ሚልዮን ደርሃም
እዩ ዝሽየጥ። ስለ’ዚ እዚ ዓይነት ስፖርት’ዚ
ዓቢ ኣታዊ’ዩ ዘለዎ። እቲ ናቱ ክብሪ ካብ
ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ እዩ ዝኸይድ ዘሎ።
ስለዚ ገመል ሃገራዊ ጸጋ እዩ። ከም
ዝዀነ ማዕድን፡ ገመል ኣዝዩ ክቡር እዩ።
ኣብ ኢድካ ዘሎ’ውን ስለ ዝዀነ፡ ምህርቱ
ከተባዝሖን ከተራብሖን ትኽእል ጸጋ
እዩ። ሃገራዊ ጸጋ ስለዝዀነ፡ ኣብ ሃገራዊ
መዓላ ክውዕል ኣለዎ። ዜጋታትና ብግቡእ
ክጥቀሙሉ ክኽእሉ ኣለዎም። ንገመል
ዘለዎ ረብሓ ፈሊጦም ክጥቀሙሉ ክኽእሉ
ኣለዎም። ኣብኡ ናይ ምርባሕን ምጥቃምን
ባህሊ ከተኣታትዉ ኣለዎም። ፈደረሽን ከኣ፡
ውድድራት ሰሪዑ ነቶም ኣውፈርቲ ዓዲሙ
ነቲ ትሕዝቶ ጸጋታት ገመል ናይ ሃገርና
ብመራኸቢ ብዙሓን ሸፈነ ከም ዝረክብ
ብምግባር፡ ዕዳጋ (ማርኬቲንግ) ክፈጥር
ኣለዎ። ናብኡ ገጽና ክንከይድ ኣለና። ንሱ
እዩ ከኣ እቲ ዕላማ። ገመል ከምዚ ዝበልናዮ
ሃገራዊ ረብሓ ብምዃኑ ኣብ ረብሓ ናይ
ዜጋታት፡ ልምዓትን ቊጠባን ሃገር ኣብ
ምኽዕባት ክውዕል ኣለዎ። ምኽንያቱ
ብውድድራት ናይ ኣግማል ዝፍጠር
ዕድላት ናይ ስራሕ ማእለያ የብሉን።
ቀዳማይ ካብኡ፡ ምኽዕባት ቱሪዝማዊ እቶት
እዩ። ብዙሓት ሰራሕተኛታት ከስርሕ
ዝኽእል እዩ። ኣገልግሎት ዝህብ ናቱ ክገብር
እዩ፡ ነጋዳይ ገለ ክገብር እዩ . . . በብዓይነቱ
ንጥፈታት ናይ ንግዲ ክካየደሉ ዝኽእል ዓቢ
ንጥፈት እዩ። ገመል ብዙሕ ወፍርታት
ክካየደሉ ዝኽእል እንስሳ እዩ። ስለዚ ነዚ
ሃገራዊ ጸጋ እዚ ብግቡእ ክንጥቀመሉ
ኣለና። ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ተሳታፍነት
ዝሓትት ስራሕ እዩ።
ይቕጽል...

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.64 13 ሕዳር 2026 - ገጽ 5

ማህደር ጀጋኑ ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

5ይ ክፋል ዕቃበ ብረት፡ ካብ ለይቶ ክሳብ ሃዳሙ
ብ1981፡ ደርግ ንሻድሻይ ወራር ይዳሎ
ነበረ፣ ህዝባዊ ግንባር ብወገኑ’ውን፡ ንመኸተ
ኣብ ምቅርራብ ነበረ። ልዕሊ ኹሉ እዚ
መድረኽ’ዚ ዝዝከረሉ ግን፡ ውድብ ተጋድሎ
ሓርነት ኤርትራ ካብ ሜዳ ኤርትራ ተጸሪጋ
ዶብ ኤርትራ ተሳጊራ ንሱዳን ዝኣተወትሉ
ብምንባሩ እዩ። ጀብሃ ካብ ምድሪ ኤርትራ
ድሕሪ ምእላያ፡ ህዝባዊ ግንባር ደጀናቱን
ውዳበታቱን ከስፍሕ ዕድል ስለ ዝተፈጥረ፡
ከም ብልጫ ዝርአ እዩ። ምስ ሓርነታውያን
ምንቅስቓሳት ውድባት ኢትዮጵያ ቀጥታ
ዝራኸበሉ መስመራትን፡ ዝምድናታቱ
ዘጠናኽረሉ ዕድላትን ስለ ዝተኸፍተ’ውን
ተወሳኺ እወታዊ ገጻት ነይሩዎ።

ኣብ ውሽጢ ኤርትራ’ውን ካብ ሳሕል
ናብቲ ካልእ ኩርናዓት ሃገር መስገሪ መስመር
ስለ ዝተረኽበ፡ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 1981
ካብ መኽዘን ክፍሊ ዕቃበ ብረት ህዝባዊ
ግንባር ሳሕል፡ ሰላሳ ዝኾና መካይን ኣጽዋር
ጽዒነን ንምዕራብ ነቒለን። ብዳዊት ባይሩ
እትምእከል ሸሞንተ ኣባላት ዝሓዘት መስርዕ
ዕቃበ ብረት’ውን፡ ነዚ ቓፍላይ ሒዛ ምስኡ
ተበገሰት። ቅድሚኡ፡ እዚ ከባቢ’ዚ ክንድዚ
ዝብዝሐን መካይን ብሓንሳብ ተጓዒዘንኦ
ኣይፈልጣን እየን። ስለ’ዚ፡ ቀሊል ጕዕዞ ከም
ዘይኰነ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ምስ ብዙሕ
ስክፍታን ጥንቃቐን’ዩ ተገይሩ።

ምኽንያቱ፡ ቀዳማይ ስክፍታ፡ እቲ ኸባቢ
ተረፍመረፍ ጀብሃ ክንቀሳቐሱዎ ስለ
ዝኽእሉ፣ ካልኣይ፡ ካብ ስክፍታ ደብዳብ
ነፈርቲ ጸላኢ፣ ከም ሳልሳይ’ውን፡ ጸላኢ
ንመስመር ተሰነይ ባረንቱ ስለ ዝከታተሎ፣
ብቐንዱ ኸኣ፡ ኣብ ዓዲ ቐሽን ጎኘን
ድልዱል ዕርድታት ስለ ዝነበሮ ነተን
ቃፍላይ ከጥቅዐን ይኽእል እዩ። ንመስመር
ባረንቱ ተሰነይ በቲኽካ ክትጐዓዝ እምበኣር፡
ኣቃሊልካ ዝረአ ጕዳይ ኣይነበረን። በዚ
ስክፍታ’ዚ ምኽንያት፡ ገለ ናይ ብርጌድ
80 ኣሃዱታት፡ ነቲ ቓፍላይ ዋልታ ኮይነን
ከሳግራ ናብ ከባቢ ባረንቱ ተንቀሳቐሳ። ግን፡
ከምኡ ጌርካ’ውን ዘቕስን ኣይነበረን። ኣጋር
ሰራዊት፡ ካብ መጥቃዕቲ ነፈርትን ነተጕትን
ከውሕሰልካ ኣይክእልን እዩ። ናይ ሓደ
ሰሙን ጕዕዞ ስለ ዝዀነ’ውን፡ ብዛዕባ’ዚ
ምንቅስቓስ’ዚ ሓበሬታ ናብ ጸላኢ እንተ
ሰሊኹ፡ ፍጹም ሓደገኛን ኣሰካፍን ነበረ።

ከምዚ ዝበለ ስክፍታን ስግኣትን ሓዚሉ፡
ብኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ስብሓት
ኤፍሬም ተመሪሑ ጕዕዞ ተጀመረ።
ቃፍላይ መካይን፡ ቴንዳ ተሸፊነን መገዲ
ሃይኮታ ጀዲዳ ቆሪጸን ካብ ፎርቶ ብግስ
ምስ በላ፡ ካብቲ ዝፈርሑዎ ኣይወጽኡን፣

ካብተን መካይን ንሓንቲ ነታጒ (ፈንጂ)
ሃሪሙ፣ ኣጽዋር ሸፊኑ ዝነበረ ቴንዳ ናይታ
መኪና ተቓጺሉ። እቲ ባርዕ ነቲ ቦምባታት
ከይተንከፎ እንከሎ ድማ፡ ተቐላጢፎም ነቲ
ክቃጸል ዝጀመረ ቴንዳ ኣጥፊኦሞ። መራሕ
መኪና ተጋዳላይ ኣስመላሽ ኣብረሃ ግን
ተሰዊኡ።

ኣባላት ዕቃበ ብረት ለይቶ እቲ ሓደጋ ኣብ ዘጋጠመሉ ህሞት፡

ስብሓት ኤፍሬም (ሕጂ ጀነራል)፡ ካብተን
ቃፍላይ ንቕድሚት ብምሕላፍ መሪሑ
ይጐዓዝ ነይሩ። ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን
ንመኪናኡ እቲ ነታጒ ኣይረኸባን። ንሱ
ከይኣክል፡ ድምጺ ናይቲ ነትጒ ምስ
ሰምዐ’ውን፡ ብመኪናኡ ካብ ቅድሚት
ንድሕሪት ብምምላስ፡ ነቲ ጽርግያ ካልኣይ
ግዜ ረጊጹ እዩ ናብታ ዝተሃርመት መኪና
መጺኡ። ኣብ መወዳእታ፡ ንጽዕነት ናይታ
ዝተሃርመት መኪና ኣራጊፎም፡ ኣብተን
ካልኦት መካይን መቓቒሎም ብምጽዓን
ጕዕዞኦም ብተኾምብያ ገይረን፡ ዓቐበት
ጋርዋ ደይበን፡ ብሰላም ሽላሎ ኣትየን።

ኣብ ሽላሎ፡ ካብተን 29 መካይን፡ እቲ
ጽዕነት ሸውዓተ መኪና ቀጥታ ንወያነ
ክወሃብ ንደደቢት ኣቕኒዐን። ገለ ካብቶም
ኣሰንዮመን ዝተጓዕዙ ኣባላት መስርዕ
ዳዊት’ውን፡ ነተን ናብ ደደቢት ዝቐንዓ
መካይን ኣሰንዮም ከዱ። እዚ ንብረት’ዚ፡
ደደቢት ምስ በጽሐ፡ ህዝቢ፡ ተጋደልቲ ወያነን

ኣባላት መሪሕነቶምን (ኣባይን ስብሓት ነጋን
ዝርከቡዎም) ጽቡቕ ኣቀባብላን ምፍናውን
ገይሮምሎም።
እቲ ኣብ ሽላሎ ዝተረፈ ኻልእ ግን፡ ‘እዚ
ኹሉ ኣጽዋር ኣበይ ይተዓቀብ፧’ ዝብል
ዓቢ ሕቶ ኣልዓለ። ዳህሳስ ንምግባር፡ ወዲ
ኤፍሬምን ንገለ ኣባላት ኤምዳድን ሒዙ፡
ብምልሻ እናተመርሐ፡ ቦታታት ከጽንዕ
ንማይ ቆቛሕ ተበገሰ። ማይ ቆቛሕ፡ ኣዝዩ
ብኣግራብን ሳዕርን ዝተሸፈነ ዱር ስለ
ዝነበረ፡ ኣጽዋር ከተቐምጠሉ ውሑስ ቦታ
ኣይነበረን። ክሳብ ውሑስ መዕቆቢ ዝረኽቡ፡
ንግዚኡ ኣብ መንጎ ሽላሎን ጀርበትን ከም
ዝራገፍ ተገብረ። ግን፡ እታ መስርዕ ነቲ
ዅሉ ኣጽዋር ክትሓብእ ዓቕማ ድሩት
ስለ ዝነበረ፡ ካብ ብርጌድ 80 ሓንቲ ጋንታ
ተጸዊዓ ከም እትሕግዝ ተገብረ።

ሓንቲ ጉጅለ ካብ መስርዕ ክፍሊ ዕቃበ
ብረት ሰሜናዊ ባሕሪ፡ ነቲ ኣብ መንጎ
ሽላሎን ጀርበትን ዝተራገፈ ኣጽዋር ብስቱር
ዝኽዘነሉ ቦታታት ከተጽንዕ ሓላፍነት
ወሰደት። ንሳ፡ ካብ መርከን (ከባቢ ፍሸይ)
ተበጊሳ፡ ጽርግያ ኣስመራ ከረን ብደቀምሓረ

ቆሪጻ፡ መቐርካ (ላዕላይ ዓንሰባ)፡ ቃራናኹዶ፡
ደቂ ጹንዓይ (ጽልማ) ገይራ ንማይድማ
ወሪዳ። ካብ ማይድማ ኸኣ ንለይቶ
ተንቀሳቐሰት። ከባቢታት ናይ ዝተጓዕዙዎ
መንገዲ ጽልዋ ተጋድሎ ሓርነት ዝነበሮ
ብምንባሩ፡ ብዓይኒ ጸጥታዊ ውሕስነቱ ቀሊል
ኣይነበረን። ኣብ ከባቢ ለይቶ ኮይና፡ ንኣስታት
ሰለስተ ቕነ ካብ ህዝቢ እና ተመገበት፡ ደቂቕ
መጽናዕቲ ገበረት። ኣብ መወዳእታ፡ እቲ
ኣጽዋር ካብ ሽላሎ ናብ ለይቶ ግዒዙ ኣብኡ
ክዕቀብ ወሰነት።

ለይቶ፡ ብጎቦታትን ኣኽራናትን ዓድታት
ሰፍኣን ደንበላስን ዝተሓጽረ፡ ብማይወሰን
ጥራይ ሓንቲ መውጽኢት ቦታ ኣለዎ።
ብዘሎዎ ስትራተጅያዊ ኣገዳስነት ከኣ፡

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ከም ደጀን
ገይሮም መንሃርያ ይጥቀሙሉ ነይሮም።
ጀብሃ ድሕሪ ምልጋሶም ድማ፡ ኣብ
ደቡብ፡ ሰሜንን ምዕራብን ዝነበራ ክፍልታት
ህዝባዊ ግንባር ከራኽብ ዝኽእል ውሑስን
ስትራተጂያውን ቦታ ነይሩ።

ድሕሪ ውሳነ፡ ነቲ ኹሉ ኣብ መንጎ
ጀርበትን ሽላሎን ዝተራገፈ ኣጽዋር
ኣልዒልካ ንለይቶ ንምግዕዓዙ ኣግማል
ናይ ምእካብ ሓሳብ ተሰላሰለ። እዚ ኣሸጋሪ
ነይሩ። ምኽንያቱ፡ ኣብዚ ግዜ’ዚ፡ ህዝቢ ባርካ
ገና ካብ ጽልዋ ተ.ሓ.ኤ ስለ ዘይተናገፈን
ህዝባዊ ግንባር ኣብ ምውዳቡ ስለ ዝነበረትን
ኣግማል ምእካብ ዝከኣል ኣይነበረን። በዚ
ምኽንያት ጠመተኦም ናብ ደቡብ ገበሩ።
ካብ ህዝቢ ደቡብ (ጸንዓ ደግለ፡ እንጋንኣን
መረታ-ሰበነን) ሓሙሽተ ሚእቲ ዝኾኑ
ኣግማል መምስ ዋናታቶም ኣከቡ።
እዚኣቶም፡ ብኽልተ ኣባላት ክፍሊ ዕቃበ
ብረት ተመሪሖም ሽላሎ ኣተዉ።
ካብቶም ኣብ ምጽዓን ዝተረኽቡ ኣባላት
ዕቃበ ብረት፡ ብዘይካ ክልተ ኻልኦት ኩላቶም
ልምዲ ናይ ምጽዓን ገመል ኣይነበሮምን።
ኣብ ስራሕ ድማ ዓቢ ጸገም ኮይኑ ነይሩ።
ብኽንደይ ጻዕሪ ኣግማል ተጻዒኖም ምስ
ነቐሉ፡ ካብ ኣመና ምብዝሖም፡ ቀዳሞቶም

ዴዳ ክበጽሑ ከለዉ ዳሕረዎት ሸላሎ (40
ኪ.ሜተር) ፍልልይ ነይሩዎም። ብባድመ
ገይሮም፡ መረብ ሰጊሮም ሞልቂ ኣተዉ።
ካብኡ ብቔናን ቆቢዓ ገይሮም ዓዲ ጸጸር
ኣተዉ። ዓዲ ጸጸር ቅድሚኡ ርእያቶ
ዘይትፈልጥ ብኣግማል ኣዕለቕለቐት። ሰፋሕ
ናይ ዕዳጋ ማእከል መሰለት። ጸላኢ ኽኣ
ወፍሪ ኣልፋ ፕሮጀክት ኣበጊሱ ስለ ዝነበረ፡
ኣብቲ ሰዓት’ቲ ናብ ማይ ድማ ኣተወ።

በዚ ሓድሽ ክስተት ኣሰካፊ ኵነት መጽአ።
እዚ ኹሉ ኣጽዋር ከመይን እንታይን
ይኹን ወጥሪ ኰነ። ጸላኢ፡ ምንቅስቓስ
ናይ’ዚ ኣጽዋር’ዚ እንተፈሊጡ፡ ግድን
ክከታተሎም ምዃኑ ተረድኡ’ሞ፡ እቲ ጕዕዞ
ብዘይ ምድንጓይ ብምቕጻል፡ ቍልቁለት
ደንበላስ ወሪዶም ለይቶ ኣተዉ። ኣግማል፡
በቲ ዓቐበ-ቍልቁለት ዘይጥጡሕ መገድን፡
ጽዕነቶም እናወደቐን እናጸደፉን ሓለፉዎ።
ኣብ ሰሜናዊ ባሕሪ ተሪፎም ዝነበሩ ኣባላት
ዕቃበ ብረት፡ ጽርግያ ኣስመራ ከረን ኣብ ከባቢ
ደቀምሓረ ሰንጢቖም ብምለዛናይ፡ ገርገርን
እንጂሓይን ገይሮም፡ ንቐዳሞት ብጾቶም
ኣብ ለይቶ ተጸንበሩዎም። እዚኣቶም ምስ
ተወሰኹዎም፡ ክልተ መሳርዕ ኣኸሉ።
ብመሰረት ኣጽናዒት ጉጅለ ዝመረሐቶ፡
እቲ ዝበዝሐ ኣጽዋር ኣብ ለይቶ ተቐብረ።
ዝተረፈ ኸኣ ኣብ መንጎ ማይ ወሰንን
ትንሽኣይን ተቐብረ። ንተኳሲ ዝኸውን
ትሕተ ባይታዊ ገዛ (ኣንደር ግራውንድ)
ብሸነኽ ደንበ ላኻ ወሲዶም በይኑ ቀበሩዎ።
ነዚ ሰሪሖም ምስ ወድኡ፡ ኣባላት ናይተን
መሳርዕ መዓስከሮም ኣብ ማይ ጻጸ፣ ጸኒሖም

ድማ ኣብ ደንበ ላኻ ዓስከሩ። ካብዚ
እናተንቀሳቐሱ ኩነታት ዝተቐብረ ኣጽዋሮም
ተኸታተሉ። ጠለባት ናይተን ኣብቲ ኸባቢ
ዝንቀሳቐሳ ኣሃዱታት’ውን የማልኡ ነይሮም።
ካብ ዝቐበርዎ እና’ውጽኡ ብብዝሒ ምልሻን
ካልእን የዕጥቑ ነይሮም።

እተን መሳርዕ ኣብ ከምዚ ንጥፈት
እንከለዋ፡ ሓደ መዓልቲ ብርቱዕ ዝናብ
ሃረመ። እንዳ ክፍሊ ታዕሊም ንተዓላሞኦም
ዘብዘብ ኣቢሎም እና ኣጕየዪዎም ከለዉ፡
ንመንገዶም ብረት ረኸቡ። ዓለምቲ፡ “ናይ
ጀብሃ እዩ መስለኒ፡ ኣጽዋር ዘሎዎ ኣንደር
ግራውንድ ረኺብና፡” ኢሎም ንኤምዳድ
ሓበሩ። ብወገን ኣባላት ኤምዳድ፡ ኣጽዋሮም
ብኸመይ ከም ዝቐብሩዎ ክፍለጥ ስለ
ዘይደለዩ፡ “እወ ሓቅኹም፣ ናይ ጀብሃ እዩ
ዝኸውን፡” ኢሎም ንብረቶም እንተ ፈተሹ፡
ነቲ ዝዅዓቱዎ ጕድጓድ ውሕጅ በሲዑ፡
ንኣጽዋሮም ፋሕፋሕ ኣቢሉዎ ጸኒሑዎም።
ግን፡ መዓስከር ናይ ጀብሃ ብምንባሩ፡ ሳሕቲ
ንጣር ይርከብ ብምንባሩ፡ ናይ ጀብሃ ብረት
ብብዝሒ ከም ተረኽበ ተሓሲቡ፡ ብኻልኦት
ይዕለለሉ ነይሩ።

ከምቲ ኣብ መጀመርታ ዝተጠቕሰ፡
እቲ ግዜ ድሮ ምጅማር ሻድሻይ ወራር
ብምንባሩ፡ ተተኮስቲ ካብ ድሕሪ መስመር

ጸላኢ ንሳሕል (ንቀዋሚ ግንባራት) ክወርድ
ተደልየ። እቲ ኣብ ለይቶ ዝተቐብረ ኣጽዋር
ከም ኣመጻጽኣኡ ንመስመራት ጸላኢ
ሰንጢቕካ ንሳሕል ክምለስ ነይሩዎ።
ኣግማል ካበይ ይረኸባ፧ ዝብል ሕቶ
ንምምላሳ ሕጂ’ውን ከባድ ነበረት። ኣግማል፡
ካብቲ ኸባቢ ምእካብ ከም ዘይከኣል ምስ
ተረጋገጸ፡ ኣባላት ዋሕዲ’ኳ እንተ ነበሮም፡
ተኸፋፊሎም ካብ ከሰላ (ሱዳን)፡ ናብ
ዕዳጋታት ዒንን ጉልዕን ንዘዝመጽኡ ሸቓጦ
እናዓገቱ ክገፉ ብምውሳን፡ ናብ ስራሕ
ኣተዉ። ኣብቲ ዕዳጋታት ዘዝሓዙዎም
ሰብ ኣግማል ክሃድሙን ንሳቶም ክዓግቱን
ተረባረቡ። ድሕሪ ክልተ ቕነ ግን ዝሓዙ
ሒዞም ኣብ ለይቶ ኣተዉ።

ካብ ለይቶ ንሳሕል ንምኻድ’ውን ውሑስ
ዝዀነ መንገዲ ተጸንዐ። ቀዳማይ ጕዕዞ
ብ30 ኣግማል ተፈተነ። እዚኣተን ብሰላም
ምስ በጽሓ፡ ኣብ ካልኣይ ጕዕዞ 100 ዝዀና
ኣግማል ብሓንሳብ ተጻዒነን ብመንሱራ
ገይረን ወዲ ብሌላይ ኣተዋ። ምስይ ምስ በለ፡
ብሓንቲ ጋንታ ሃንደሳ ተዓጂቦም ንጽርግያ
ሓጋዝ ዓደርደ ብመንጎ ጸላኢ ቆሪጾም፡
ኣንፈቶም ንላልምባ ገጾም ኣምርሑ።

ኣብዚ ጕዕዞ’ዚ፡ ኣብ መጨፈት ምስ በጽሑ
ሓደ ኣባል ብተመን ተነኽሶም። ምሉእ
ኣካላቱ ተነፊሑ ክመውት ደለየ። ኣብ ገመል
ክሰቕሉዎ’ውን ዘይከኣል ኰኖም። ካብ
መጭፈት ገባር ኣኪቦም ንሓልሓል ወሲዶም
ከሐክሙዎ ከም ዘለዎም ኣዚዞም፡ ጕዕዞኦም
ቀጸሉ። ንላልምባ ገጹ ዝወስድ መንገዶም፡
ዓቐበት ዝበዝሖ ጕዕዞ ስለ ዝነበረ፡ ኣግማል

ዘልሓጥሓጥ ኢሎም ጽዕነት ዘቢሉ ክወድቕ
ጀመረ። ካብ ጸላኢ ብዙሕ ከይረሓቑ
መሬት ወጊሑ። መገዲ ስለ ዝጠፍኦም’ውን
ተዋጠሩ። መራሕቲ መገዲ ኣንፈቶም
ስሒቶም ኣብ መንጎ ላልምባን ሓልሓልን
ናብ ጥቓ ጸላኢ ስለ ዝተጸግዑ፡ ንሓደጋ
ተቓሊዖም። ዝከታተሉዎምን ዝጽበዩን
ዝነበሩ ኣካላት፡ ኣግማል ጠፊኦም ተባሂሉ
ኣብ ሻቕሎት ኣተዉ። ኣብ መጠረሽታ
ብስምኦን ስቲፋኖስ (ብወዲ ስቲፍ) ትምራሕ
ኣሃዱ ብርጌድ 80 ክትረድእ መጸቶም።
ቀልጢፋ ስለ ዝረኸበቶም ድማ፡ መሪሓ
ብሰላም ንሓልሓል ኣእተወቶም።

ኣብቲ ሳልሳይ ገጽ ኣጽዋር ናይ ምግዕዓዝ
መስርሕ፡ ካብቲ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን
ዘጋጠመ ሽግራት ብምምኳር፡ መገዲ
እንተድኣ ደጋጊምካዮ’ውን ጸላኢ ክፈልጠካ
ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ብምእታው፡
ካልእ መስመር እዩ ተመሪጹ። ካብ ጸንዓ
ደግለ 130 ኣግማል ኣዚዞም፡ ኣንፈት
ጉዕዞ፡ ካብ ለይቶ ብሞልቂ፡ መረብ፡ ባድመ፡
ሽላሎ፡ ተኾምብያ፡ ኣውጋሮ፡ ኣብ ገረንፊት
ጽርግያ በቲኾም፡ ሓሸንኪት፡ ፎርቶ ሳዋ
ኣቢሎም ተጓዒዞም፡ ካብዚ ንደሓር መካይን
ተቐቢለን ንሳሕል ኣብጺሐንኦ። ብኸምዚ
ድማ፡ ኣብ ለይቶ ልዕሊ ዓቕሞም ተኸዚኑ
ዝነበረ ኣጽዋር ተፋዂሱ። ስራሕ ብተዛማዲ
ሃዲኡ። ብስም ኣልፋ ፕሮጀክት ንማይድማ
ወፊሩ ዝነበረ ጸላኢ ተመሊሱ። ኣብ
ሰሜናዊ ባሕሪ ዝነበሩ’ውን ንግዚኡ ጥራይ’ዩ
ኣፈናቒሉዎም’ምበር ሻዱሻይ ወራር ብዙሕ
ከይጸለዎም ኣሕሊፎሞ።

ይቕጽል....

ደበሳይ ተስፋዝጊ
ማ/ምርምርን ስነዳን
ቤ/ጽ ሓለቓ ጠ/ስታፍ

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሰዓት መደብ

10፡15 ብሚኒስትሪ ትምህርቲ
ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ
መደብ
11፡45 ደርፊ
12፡00 ሃገራዊ መዝሙር
12፡02 መደብ

12፡30 ዜና (ትግርኛ)
12፡50 ዜና ስፖርት
12፡55 መደብ ካብ ዞባታት

13፡30 ዜና (ዓረብ)
13፡45 ሄሎ ደባይዋ
14፡45 ጉዳይ ኣብ ዘተ
15፡30 ብሚኒስትሪ ትምህርቲ
ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ
መደብ

17፡00 ዜና (ትግርኛ)
17፡15 ደርፊ

17፡30 ዜና (ዓረብ)
17፡45 ሞዛይክ
19፡20 እትመት
18፡30 ዜና ትግረ
19፡00 ቴራብ

21፡00 ዜና (ትግርኛ)
21፡25 ማህደር ሓቂ 4ይ
ክፋል

22፡00 ዜና (ዓረብ)
22፡10 መደብ

22፡30 ዜና (እንግሊዝ)
23፡00 እንዳ ዝማም

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.64 13 ሕዳር 2026 - ገጽ 6

ምልክታ ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
ኣስመራ

ይግባይ በሃሊት ገነት ገብረትንሳኤ

ገብረኣብ (ወኪል) ሮቤል ኣለም፡
ወሃብቲ መልሲ ወረ/ነፍ ደሃብ መሓሪ
ሃብተሚካኤል 1.ግርማይ ገብረትንሳኤ
ገብረኣብ 2.ፍስሃየ ገብረትንሳኤ
ገብረኣብ 3.ዳዊት ገብረትንሳኤ
ገብረኣብ 4. ነጭ ገብረትንሳኤ ገብረኣብ
5. ሂወት ገብረትንሳኤ ገብረኣብ 6.
ተመስገን ገብረትንሳኤ ገብረኣብ 7.
ሸዊት ገብረትንሳኤ ገብረኣብ 8.
ኣምባሳጀር ገብረትንሳኤ ገብረኣብ 9.
ኣልጋነሽ ገብረትንሳኤ ገብረኣብ 10.
ጽገ ገብረትንሳኤ ገብረኣብ 11.ሰናይት
ገብረትንሳኤ ገብረኣብ 12.ብስራት
ገብረትንሳኤ ገብረኣብ፣ ይ/በሃሊት
ንቁ. 2. 6.7 ናይ መልሲ መልሲ
ኣቕሪበን ቅዳሕ ንጠበቕኦም ተዋሂቡ።
ወኪል ይ/በሃሊት መልሲ ወሃብቲ
ቁ 3.ዳዊት ገብረትንሳኤ ገብረኣብ
4. ነጭ ገብረትንሳኤ ገብረኣብ 5.
ሂወት ገብረትንሳኤ ገብረኣብ 8.
ኣምባሳጀር ገብረትንሳኤ ገብረኣብ 9.
ኣልጋነሽ ገብረትንሳኤ ገብረኣብ 10.
ጽገ ገብረትንሳኤ ገብረኣብ 11.ሰናይት
ገብረትንሳኤ ገብረኣብ 12.ብስራት
ገብረትንሳኤ ገብረኣብ ተጸዊዖም
ን2/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ከሳሲ ንግዳዊ ባንኪ ኤርትራ፡ ተኸሰስቲ
ኤሪ ግላስ ሓ.ዝ.ብ.ማ (ኣካያዲ ስራሕ)
ካርኔሪካርሎ፡ ንገንዘብ ዝምልከት ክሲ
ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን2/12/26 ኣብ 1ይ
መጋባእያ ቁ.33 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ
ወኪል ቅረቡ። እንተዘይ ቀሪብኩም፡
ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ
ምዃኑ ነፍልጥ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
ዓዲ ጓዕዳድ

ናትናኤል መሓሪ ደባስ ምባል ተሪፉ፡
ናትናኤል ምሕረትኣብ ኣማረ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
ጻዕዳክርስትያን

ከሳሲት ወ/ሮ ሳሊና ክብርኣብ
ዓጽመት፡ ተኸሳሲ ኣሮን ግደ ኣርኣያ፡
ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡
ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ቶማስ ተስፋማርያም፡ ወኪል
ተስፋማርያም ኣርኣያ፡ ስም ኣደይ ዑቕባ
ተኽልኣብ ብርሃነ ምባል ተሪፉ፡ ዑቕቢት
ተኽልኣብ ብርሃነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/26
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓወት ነጋሲ የማነ፡ ወላዲተይ ለተዝጊ
ጸጋይ ወልደእየሱስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ
ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና
ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
እምባደርሆ

ኣነ ኣመልካቲት ሶፍያ ክብራብ ሓድጉ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ገጀረት ዝርከብ ገዛ ፕሎት14 ፓርሰል ሲ 00044129 ዚብ 1A177 ስፍሓት መሬት 361.50 ት/ሜ ብዝሒ ክፍሊ ቀነዲ 4 ተሓጋጋዚ 2 ዘጠቓለለ፡ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጸሪ መዝገብ 1BRASM008242 ብሽም ርግበ ወልዳይ ተስፋሚካኤል +6 ዝተመዝገበ ገዛ ስለዝዓደክዎ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት መአገዲ ወይ ናይ መወዳእታ ይግባይ ዝተበሃለሉ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ነታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ሶፍያ ክብራኣብ

ብስም ወለድና ኣቶ ጎይትኦም ተስፋጊዮርጊስ ግርመን ወ/ሮ ኣብርሄት መኮንን ዝተመዝገበ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 5 ምም/06 ጎደና ቁ.866 ቁ.ገዛ 10 ቁ.ሎታ 36 ቁ.ፓርቸላ “A” ዝርከብ ስፍሓቱ 248.70 ት/ሜተር ዓይነት ተራ ገዛ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ.ምስክር ወረቐት 110614 መወከሲ ቁጽሪ 123695 ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ፣ ናይዚ ገዛ ኦርጂናል ግዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ስለዝጠፈኣና፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ 07532311 ወይ 07118108 ክትሕብሩኒ፣ እንተዘይኮኑ ግን መተካእታ ዋንነት ሊብሬቶ ካብ ቤ/ጽ ኮምሽን ኣባይቲ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሩታ ጎይትኦም ተስፋጊዮርጊስ

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል (ዞባ 7ምም/14) ጎደና “ኣ” ቁጽሪ ገዛ 02 ኣብ ስፍሓቱ መሬት 74.59 ት/ሜ ዝተደኮነ 2 ቀንዲ ክፍሊ 3 ሓጋዚ ክፍሊ፡ ብስም ወላዲትና ነፍ/ተኽኣ ገብረስላሴ ዘርኣይ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ሰነድ ሊብሬቶ ስል ዝጠፈኣኒ፡ ረኺበዮ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሃልዩ፡ ኣብ 30 መዓልቲ ብቁጽሪ ሞባይል 07449277 ደዊሉ ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ ግን ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእትኡ ንኽወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ኤልሳ ወልደስላሴ ናይእዝጊ

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ምም/ከባቢ መጻሉ ሎታ 34 ፓርሰል l ቁ.መለለዪ 13257D0282 ስፍሓት መሬት 400ት/ሜ ቅጥዒ 004 ምስክር ወረቐት ምርሒት መሬት ጤሳ ኦርጅናል ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ረኺበዮ ወይ’ውን ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሃልዩ፡ ብቁ.ቴ 07383539 ደዊሉ ይርከበኒ። እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣመልካቲ ኣቶ ስዩም ተስፋልደት ጊላሚካኤል
ወኪል ኣቶ ሃይለሚካኤል ክፍለ ወልደጊርጊስ

ብስም ወ/ሮ ዝማም በየነ ገብረየሱስ፡ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-0972 ብቑጽሪ መዝገብ DAR-0836 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ምምሕዳር ከባቢ ሕሽመላ ዝርከብ ናይ G22-49 ትካለይ፡ ንወ/ሮ ራህዋ ኢብራሂም ስለማን፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ብ/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ከተማ ሕሽመላ ቴሌፎን 07876824 ካብ ዕለት 01/02/2026 ክሳብ ዕለት 01/09/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ዝማም በየነ
ሕጋዊ ወኪል ቀሺ ክፍሎም ኣንገሶም

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋላነፍሒ ዓዲ ሓሙሽተ ቁ.ገዛ -- ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን ASL000444333 ናይ ቤት መስተ ትካለይ፡ ናይ ኣቶ ስምኦን ጉርጃ ወልደስላሴ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋላ ነፍሒ ዓዲ ሓሙሽተ ብዕለት 25/09/2026 ቁ. መዝ 458/2026 ብውህብቶ ዝሃበኒ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ ዝብል ኣካል እንተሃልዩ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ጉርጃ ወልደስላሴ ወልደሚካኤል

ምስጋና

ብዕረፍቲ ለዋህን ፈቃርን ኣዴና ወ/ሮ ሽዋይነሽ
ግርማጽዮ ተኽሉ፡ ብዓልቲ ቤቶም ንነፍ/ኣድያም
ሰገድ ሰለሙን፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን
እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝተመላለስኩም፡
ድሕሪ ዕረፍታ ድማ ክሳብ ሃዘጋ ን/ዞባ በሪኽ
መጺእኩም ዘቃበርኩምና፡ ገዛና ብምምልላስን
ካብ ውሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን
ዘጸናናዕኩምናን ኣባላት ቤተሰብን ፈተወትን
ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና፡ ምስ ናይ ምስጋና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ደቃ ምስ ምሉኣት ስድራቤት።

ምስጋና

ብመስዋእቲ ዘፍቅሮ ብዓል ቤተይ ኣቶ

ብርሃነ ኣነንያ ትኩእ (ባንዴጅ) ዳይረክተር
ቤት ትምህርቲ እምባህራ፡ ዝተሰመዓና
ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ
ዝተመላለስኩም፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ
ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና፡
ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና
ሓዘንና ከም ዝዓጸና ብኣኽብሮት ንሕብር።

ብዓልቲ ቤቱ ትዕበ ገብረሂወት
ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

ዮርሳሌም ሃብተጽዮን፡ ተጸዋዒ
ዘርኢሰናይ ዑቕባጋብር፡ ናይ ሞግዚት
ዝምልከት ፋይል ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡
ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/12/26
ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይ ቀሪብካ፡
ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ
ነፍልጥ።

ፍትሒ ኣሮን ገብረገግሽ፡ ስም
ኣደይ ፍቃዱ ኣብርሃም ሰመረ ምባል
ተሪፉ፡ ፍቃዱ ኣብረሀ ሰመረ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ያቆብ ኣሮን ገብረገርግሽ፡ ስም
ኣደይ ፍቃዱ ኣብርሃም ሰመረ ምባል
ተሪፉ፡ ፍቃዱ ኣብረሀ ሰመረ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
ድባርዋ

ከሰተ መርሃጼን ገብረማርያም +6፡
ሕጋዊ ወኪል መም/ ፋኒኤል መርሃጼን
ገብረማርያም፡ ተጸዋዕቲ ዳንኤል ከሰተ
መርሃጼን፡ ሰላም ከሰተ መርሃጼን፣ ናይ

ልቸንሳ ምስራዝ ክሲ ተመስሪቱልኩም
ስለዘሎ፡ ብኣክል ወይ ብሕጋዊ ወኪል
ን1/12/26 ቅረቡ። እንተዘይ
ቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ
ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
መንደፈራ

መለይ ገብረመስቀል ገብረሩፋኤል፡
ስም ኣደይ ጽገ ወልደኣምላኽ ገብረስላሴ
ምባል ተሪፉ፡ ሽዋይነሽ ገብረዝጋብሄር
ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/26
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
ባጽዕ

እስክንድር መስፍን ኪዳነ፡ ወላዲየይ
መስፍን ኪዳነ ገብረ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ
ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና
ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሰተ ገብረእግዚኣብሄር ወልደማርያም፡
ብዓልቲ ቤተይ ተናኛ፡ ከባቢ 15 ዓመት

ናብ መበቆል ዓዳ ኢትዮጵያ ምስ ከደት
ደሃይ ስለዘይብለይ፡ ጥፋእቲ ምዃና
ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን12/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
ዓሰብ
ወ/ሮ ኣብርሃጼን እስቲፋኖስ

ሓይላይ፡ ብዓል-ቤተይ ዑቕባስላሴ
ብርሃነ ኣድሓኖም ስለዝዓረፈ፡
ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም
ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ናጽነት ይስበለ -ሓበን ገብረአምላኽ- ሳምራዊት ሞላስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

VACANCY ANNOUNCEMENT

Employees of Bisha Mining Share Company are invited to apply for the Following positions.

1. **Position: Rigger and Cranage Specialist (Rigger)**

Department: Processing Plant
Section: Engineering Maintenance
Number Required: One (01)

Primary Purpose

- A Rigger/Operator makes use of cranes, manitous and forklifts to transport, load and offload heavy equipment, machinery, or large heavy cargo such as fixed plant equipment, construction equipment, containers, mobile equipment in the opencast, processing, and underground operations. Riggers are also responsible for preparing the preparations and calculations of lift plan for critical lifts.

Essential Functions

- Setting up and assembling the rigging equipment required for lifting and moving heavy loads.
- Communicating with crane operators to guide them in moving objects and depositing them in the correct location.
- Inspect rigging equipment regularly, identify potential hazards, and take corrective actions to mitigate risks.
- Inspecting and maintaining the rigging gear, as well as repairing or replacing worn-out or damaged components.
- Perform rigging studies to plan a lift and to ensure that the rigging equipment and cranage can safely handle the weight of the load.
- Train national rigging workforce by developing training programs and facilitating the programs.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

Planning

- Perform pre-engineering studies (rigging studies) to undertake rigging activities
- Determine the lifting and moving requirements (weight and size of the object)
- Determine the rigging equipment requirements (design, load, length, etc.)

Implementation of the Plan

- Identify the highest priority for each week and focus on completing relevant tasks.
- Ensures good housekeeping.
- Ensures “rigging/cranes/forklift” operations on the mine are carried out in an efficient and effective way to minimise downtime, possibly effecting production. (60-, 70 -,120- & 350-ton cranes)
- Performs regular legal inspections on all lifting equipment (including overhead and tower cranes) on site to detect potential problems before they cause breakdowns.
- Controls downtime by ensuring the best techniques are being used to repair breakdowns.
- Ensure safety requirements are fulfilled at the workplace, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of the appropriate PPE. Report any safety issues/incidents.
- Comply with mine’s cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Identifies any hazards in the workplace.
- Maintains equipment; parts and supply stocks by carrying out regular stock takes and ordering replacements as required.

General Rigging:

- Inspect rigging equipment for any defects before use
- Splice cables to prevent ends from fraying
- Splice cables according to required standards (Thimbles)
- Sling complex loads and communicate during crane operations.
- Sling normal loads and communicate during crane operations.

Lifting:

- Manage the transportation of abnormal loads
- Supervise advanced mobile crane operations
- Perform pre-use maintenance and inspection on lifting machinery and equipment
- Direct the operation of an overhead crane
- Lift and turn a load
- Lift and move a load using manual lifting equipment and tackle

Writing Reports & Data Control

- Compile daily progress reports for the department. (Action Tracker)
- Demonstrate autonomy in learning through:
- Interacting with and developing, the capacity of team members to maintain and support legislative, regulatory, quality, safety, and health systems.
- Taking the initiative by addressing problems arising from the supervision of lifting and moving tasks.
- Develop rigging training programs as per company requirement and facilitate/moderate.

Unique requirements/other information

- Candidate must be physically medically fit
- Candidate must be qualified as a rigger
- Must be able to work outside exposed to heat, wind, and dusty environments
- Must be able to work at heights and Underground experience
- Processing plant experience and Opencast experience
- LMI (lifting machinery inspector)
- Rigging Training Coordinator/Facilitator/Moderator

Knowledge, Experience and Skills

Qualifications:
• Grade 12 (Technical School) • Technical College Mechanical/Rigging/Cranes Diploma • Rigging Trade (Expats).
Knowledge and Experience:
• 3 - 5 years relevant experience.

Technical Skills	Behavioral Skills
• Attention to detail • Problem solving skill , High level of accuracy & Supervisory experience. • Ability to work towards strict deadlines • Rigging & Crane experience	• Communication (English) • Self-motivation, Prioritizing skills • Coordination skills • Team and leadership skills • Specialized organizational skills (evaluating, planning and scheduling work).

General Information and other requirements:

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**
- **Candidate must be Physically and Medically fit.**

Additional requirements for Nationals:

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

Address: Please mail your applications to.
Bisha Mining Share Company,
P. O. Box 4276
Asmara, Eritrea

Note to Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
1.Aliens Employment permits Affairs,
P. O. Box 7940
Asmara, Eritrea.

2.Mineral Resources Management
P. O. Box 272
Asmara, Eritrea

ሓዳስ ኤርትራ

- እንኮ ተንቀሳቕሰኒ ዝነበረት ዝፈትዋ
ብሽግለታይ፡ መኪና ኣይወለደትን። ግና፡
ብሽግለታይን ብእንዳ ሚስተር ሳንደስ
ዝተዋህበኒ ናብ ራድዮ ማሪናን ናብዚ
ሕጂ ደንደን ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘሎ ቃኘው
ስተሽንን ከም ድላየይ ዘንቀሳቕሰኒ ዝነበረ
ዕለቱ ዘይወድቕ መንቀሳቐስን ተጠቒመ
ምስ ዝተፈላለዩ ኣመሪካውያን ወተሃደራት፡
ሰብ መዓርግን ዓሳክርን ንኽላለ ዕድል
ረኺበ’የ።

ካብ’ቶም ዝተላለኹዎም ፍቕሪ ናይ
ብሽግለታ ዝነበሮም ሰለስተ ወተሃደራት
ኣመሪካ፡ ኣብ ቅድድም ብሽግለታ ኣስመራ
ክካፈሉ ድልየት ከም ዝነበሮም ምስ
ሓበሩኒ፡ ኣነ’ውን ናይ ከምኡ ስምዒታት
ከም ዝነበረኒ ሓበርኩዎም። ከይደንጎኹ
ከኣ፡ ናብ ትካል ‘መሸጥን መዓረይን
ብሽግለታ’ ናይ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ
ኣቶ መስፍን ተስፋይ ኣምራሕኩ። ብ1958
ኣብ ሜልበርን - ኣውስትራልያ ኣብ
ዝተኻየደ ውድድር ኦሎምፒክ ዝተሳተፈ
ኣቶ መስፍን ብዝሃበኒ ሓበሬታ መሰረት
ድማ፡ ነቶም ዝተላለኹዎም ኣመሪካውያን
ወተሃደራት ሒዘ ብሽግለታ ድሕሪ ምግዛእ፡
ካብ እንዳ ኣቶ ይስሓቕ ማልያ፣ ካብ እንዳ
ኣቶ ንጉሰ ከኣ መቀዳደሚ ጫማ ከም
ዝገዝኡ ገበርኩ።

ብድሕሪ’ዚ፡ ኣብ’ቲ ተሰሪዑ ዝነበረ መደብ
ቅድድም ብሽግለታኣስመራ ንምስታፍ፡
ብመገዲ ኣቶ መስፍን ናብ ቤት ጽሕፈት
ፈደረሽን ቅድድም ብሽግለታ ብምኻድ፡
ብፍቓድ እንጂነር ማሰቲ ከም ዝምዝገቡ
ምስ ገበርኩ፡ ንልምምድ መገዲ ደቀምሓረ
ኣስመራ ናተይ ኢሎም ተተሓሓዙዎ። በዚ
ከኣ፡ ኮብላሊ - ቫጋሞንዶ፡ እቲ ቀዳማይ
ንኣመሪካውያን ኣብ ኤርትራ ክቀዳደሙ
ዘመዝገበን ዝተሓባበረን እንኮ ኤርትራዊ
ኮንኩ። እዞም ኣመሪካውያን ኣዕሩኽተይ
ኣብ መገዲ ደቀምሓረ ልምምድ ክገብሩ
ምስ ረኣኹዎም ከኣ፡ ኣነ’ውን ቀኒአ
ንዝነበረትኒ ብሽግለታ ናብ መቀዳደሚትን
መዛወሪትን ክልውጣ ምስ እንዳ ሚስተር
ሳንደስ ተረዳዳእኩ። ናብ ትካል እንዳ
ኣቶ መስፍን ብምኻድ ከኣ፡ ንብሽግለታይ
ወሲዶም ቅያራ ሓንቲ ንመቀዳደሚትን
መዛወሪትን ትኸውን ብሽግለታ ክህቡኒ
ሓተትኩዎም። ኣቶ መስፍን ትግሃተይን
ዋዕየይን ይዓጅቦም ስለ ዝነበረ፡ ሓንቲ ሓዳስ
‘ለኛኖ’ ዝዓይነታ ስራሓት ኢጣልያ ዝኾነት
ብሽግለታ ምስ ክልተ ማኖቭርዮ ቀረቡለይ።
ኣብ እዋን ቅድድም ወይ ኣብ እዋን
ምዝዋር፡ ማኖቭርዮ ቀይርካ ናይ ኮርሶ
ትኸውን፣ ኣብ ካልእ ግዜ ከኣ መዛወሪት
ትኸውን። ኣብ ልዕሊ ብሽግለታይ ቁሩብ
ገንዘብ ወሲኸ ንኽወስዳ ከኣ ተሰማምዑ።

ክልተ ግዜ ከይሓሰብኩ ናብ ወይዘሮ

ህይወት (ኣደይ ኢታይ) ከይደ ሓሳበይ
ምስ ኣካፈልኩወን፡ ካብ’ቲ ሓዛለይ እናበልኩ
ምስአን ኣዋህሊለዮ ዝነበርኩ ገንዘብ ሃባኒ’ሞ፡
ንዕኡ ኣብ ልዕሊ ብሽግለታይ ወሲኸ
ሓደ ካብ’ቶም ኣዝዮም ውሑዳት ወነንቲ
ብሽግለታ ‘ለኛኖ’ ኣብ ኣስመራ ክኸውን
በቓዕኩ። ንኽቀዳደም ኢለ ንቑሩብ ግዜ
ልምምድ ኣብ ዝገብረሉ ዝነበርኩ እዋን
ካብ ብሽግለታይ ስለ ዝወደቕኩ ግን፡
ከይተቓዳደምኩ ተረፍኩ። በዚ ከኣ፡ ኣነ
ንቕድድም ብሽግለታ ከም ዘይከውን
ተረዲአ፡ ‘ለኛኖ’ ብሽግለታይ ሒዘ ክሳዕ ካብ
ኤርትራ ዝወጽእ ብኣኣ ይዛወር ነበርኩ።
እቶም ኣመሪካውያን ኣዕሩኽተይ ግን፡ ክሳዕ
ኣነ ብስራሕ ምኽንያት ንዳሉል - ደንካልያ
ዝኸይድ ይቀዳደሙ ከም ዝነበሩ እዝክር።

ይቕጽል....

መበል 36 ዓመት ቁ.64 13 ሕዳር 2026 - ገጽ 8

ኰብላሊ

ኣብ ኣስመራን ዓድታት ኤርትራን
ቃኘው ስተሽን

ኣብ 1970 መንእሰያት ዝነበርኩምን
ብድሕሪኡ ዝተወለድኩምን ኤርትራውያን፡
ብዛዕባ ቃኘው ስተሽን፡ ውዲት ኣመሪካን
ኢትዮጵያን ዕላማኡን ኣፍልጦ ክህሉወኩም
ዝግባእ ኮይኑ እስምዓኒ። ራድዮ ማሪና፡ እዚ
ሕጂ ብድሕሪ ህንጻ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ
ኣመሪካ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ኮይኑ፡ ጥልያን
ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም፡ ማለት ኣብ
1941 ምስ ተሳዕረ፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር
ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ዝኣቶወ
መዓስከር’ዩ። ኣመሪካውያን እውን ኣብ
ተመሳሳሊ ግዜ እዮም መሓዛ (ኣላይድ)
እንግሊዛውያን ኮይኖም ንኤርትራ
ዝኣቶዉ። ኣብ ጉራዕ ናይ ጥልያን ንዝነበረ
መዕርፎ ነፈርቲ ተቘጻጺሮም ድማ፡ ኣብ
ናቶም መዓላ ኣውዓሉዎን መጸገንን
መብረርን ነፈርቲ ገበሩዎን። ኣብ ፈለማ
1942 ከኣ፡ ነቲ ብራድዮ ማሪና ዝጽዋዕ
ኣብ ኣስመራ ዝርከብ መደበር መራኸቢ
ራድዮ ወተሃደራት ጥልያን ዝነበረ
መዓስከር፡ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ
ናብ ኣመሪካውያን ኣሳጋገሮ።

ኣብ መጋቢት 1941፡ ገና ካልኣይ
ውግእ ዓለም እናቐጸለ እንከሎ፡ ምምሕዳር
ፕረዚደንት ሩዝቨልት ናይ ኣመሪካ፡
ንስትራተጂያዊ ኣቀማምጣ ኤርትራን
ቀይሕ ባሕራን ኣብ ግምት ብምእታው፡
ሃገሩ ኣብ ኤርትራ ወተሃደራውን ስለያውን
መደበር ክትድኵን ትእዛዝ ኣመሓላለፈ።
ኢትዮጵያ ድማ፡ ንረብሓታት ኣመሪካ ኣብ
ኤርትራ ክትሕሉን ንኣመሪካ ክትምእዘዝን
ካብ ዋሺንግተን መምርሒ ተዋህባ።
በዚ መሰረት፡ ሰበ ስልጣን ናይ’ቲ
ምምሕዳር ዝነበሩ ጆን ኢ ሁል (John
E Hull) ምስ መሳርሕቱን ካልኦት ሰብ
መዓርግ ወተሃደራትን፡ ሓላፊት ክፍሊ
ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዝነበረት ጀይ
ኡተርን (J Utter) መሳርሕታን ኮይኖም
ንሕቶ ናጽነት ኤርትራውያን ብምዅላፍ፡
ኤርትራ ምስ ህዝባ ገንሸል ክትከውን
ዝገብር ኩነታት ንምፍጣር ተጓየዩ። ሽዑ
ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ
ዝነበረ ኣኽሊሉ ሃብተወልድን መሳርሕቱን፡
ብኣዛዚ ክቡር ዘብዐኛ ኢትዮጵያ ዝነበረ
ጀነራል ምሉጌታ ቡሊ ተማእኪሎም፡ ነዚ
እከይ ውዲት ናይ ኣመሪካ ንምትግባር ከም
ተለኣኣኽቲ ኮይኖም ክሰርሑ ጀመሩ። ኣብ
መወዳእታ፡ ኣመሪካ ተጠቃሚት መሬት፡
ባሕርን ሰማይን ኤርትራ ክትከውን፣
ኢትዮጵያ ከኣ ወናኒት መሬት፡ ባሕርን
ሰማይን ኤርትራ ምዃና ብኣመሪካ
ኣፍልጦ ክትረክብ፣ ኣመሪካ ንኢትዮጵያ
ወተሃደራዊ ስልጠናን ቍጠባዊ ሓገዛትን
ክትገብረላ፣ ናይ ኣመሪካ ንግዳዊ ትካል

(TWA) ኣብ ኢትዮጵያ መገዲ ኣየር
ክምስርትን ክልተአን ሃገራት ብሓንሳብ
ብሽርክነት ክሰርሓን፣ ከምኡ ድማ
ሲንክለር (Cincler) ዝተባህለ ናይ ነዳዲ
ትካል ኣመሪካ ኣብ ኢትዮጵያ ነዳዲ ናይ
ምፍታሽን ምውጻእን ንጥፈታት ከካይድ
ዝብል ውዕል ገበሩ።

እዚ፡ ብሰንኪ እቲ ልዑል ኣገዳስነት ዘሎዎ
ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣ መሬት፡ ባሕርን
ሰማይን ኤርትራ ዝሰዓበ ኮይኑ፡ ንህዝቢ
ኤርትራ ክሳዕ ሕጂ ቅሳነት ዝኸልአን
ዓሰርተታት ኣሽሓት ደቀባት ዝቐዘፈን
እዩ። ነዚ ግናይ ተንኮል ኣመሪካ ሓቅነቱ
ንምርግጋጽ፡ ኣብ ከባቢ 1950 ጸሓፊ
ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዝነበረ ጆን ፎስተር

ተስፋይ እስቲፋኖስ

ዳላስ (John Foster Dulles)፡ “ብዓይኒ ሓቂ
ኤርትራ ናጽነታ ክትረክብ ዝነበራ ሃገር
እያ። ንረብሓ ኣመሪካ ክንብል ግን፡ ካልእ
መገዲ መሪጽና ኣሎና፡” ዝበሎ ምውካስ
እኹል’ዩ።

ድሕሪ’ቲ፡ ብ1945 ኣብ መትረብ ሱወጽ
(ምስሪ) ዝተገብረ ርክብ ፕረዚደንት
ሩዝቨልትን ንጉስ ሃይለስላሴን፡ ነቲ ብሓደ
ግንቦት 1942 ብሰለስተ ሰብ መዓርግን
ብራድዮ ርክብ ኣብ ኣመሪካ ብዝሰልጠኑ
50 ወተሃደራውያን ክኢላታትን ተገቢቱ
ዝነበረ ራድዮ ማሪና ወግዓዊ ንምግባር
መስርሕ ተጀመረ። ኣብ’ቲ ኤርትራ ምስ
ኢትዮጵያ ብፈደረሽን ዝተቖርነትሉ እዋን
(1952) ድማ፡ ባዕሉ ንጉስ ሃይለስላሴ
ናብ ኣስመራ መጺኡ፡ ንባይቶን ህዝብን
ኤርትራ ከይተወከሰ ብኢደ ወነኑ ንራድዮ
ማሪና፡ ‘ቃኘው ስተሽን’ ብዝብል ሓድሽ
ስም ኣጠሚቑ ብወግዒ ንኣመሪካውያን
ኣረከቦም።

ራድዮ ማሪና፡ ኣብ ጥቓ እቲ ዝዓበኹሉ
ሻዱሻይ ገዛይ (ከባቢ ካምፖ ዛብጥያ) ስለ
ዝርከብ፡ ብቘልዑትና እንከሎና ወሰን
ወሰኑ ብሓጹር ዝተኸለለ ምንባሩን ኣብ

ውሽጡ ድማ መጻወቲ ሻኲ (በይዝ ቦል)
ከም ዝነበሮን እዝክር። ነተን መጻወቲ
ሻኲ ዝኾና ኮዓሳሱ እናተቐባበሉ ብናህሪ
ክድርብዩወንን ብረጒድ በትሪ ክሃርሙወንን
ብጕያ ክቖልቡወንን ክንርእን፡ ንዝድርበየልና
ማስቲካ ክንቆልብን ናብ’ቲ ከባቢ ምዝዋር
ልሙድ ተግባርና’ዩ ዝነበረ። ንፈለማ
እዋን ምስ ራድዮ ማሪና ዝተላለኹሉ
ግዜ ቍልዕነተይ ትዝ ይብለኒ። ብዝበለጸ
ከኣ፡ ምስ እንዳ ሚስተር ሳንደስ ክቕመጥ
ምስ ጀመርኩ፡ ኣብ ውሽጢ ራድዮ ማሪና
ኣብ ዝነበረት ናይ ወተሃደራት ኣመሪካ

ንእሽቶይ ቤት ንባብ (ላይብረሪ) ክሰርሕ
ስለ ዝተፈቕደለይ፡ ነቲ ብቘልዓይ ከሎኹ
ብማዕዶ ዝርእዮ ዝነበርኩ ጸወታ ሻኲ
ከስተማቕሮን ምስ ብዙሓት ኣመሪካውያን
ክላለን ዕድል ዝረኸብኩሉ እዋን እዩ ነይሩ።
ምስ ኣመሪካውያን ስድራቤት
ብምቕማጥን ኣብ ውሽጢ መደበር ራድዮ
ማሪና ብምስራሕን ዝረኸብኩዎ ዕድል፡
ንኣመሪካውያን ከም ሕያዎት፡ ማስቲካን
መቝሽሽን ዝህቡን ውዕለትካ ከይዓመጹ
ዝኸፍሉን ገይረ ከም ዝፈልጦም’ዩ ገይሩኒ
ነይሩ። እንተኾነ፡ “ንምንታይ ዕላማ’ዮም
ወተሃደራትን ሲቭልን ኣመሪካውያን ኣብ
ማእከል ኣስመራ ኮፍ ኢሎም ዘሎዉ፧”
ንዝብል ሕቶ ሓሲበሉ’ውን ኣይፈልጥን
ነይረ።

እዚ ምስ ታሪኽ ህይወት ‘ኮብላሊ -
ቫጋሞንዶ’ ኣተሓሒዘ ዝትንትኖ ዘሎኹ
ዘስተማቐርኩዎን ዝዓበኹሉን ናብራ፡ ምስ
ምዕባለታት ኣስመራ ብምንጽጻር፡ ነቲ ኣብ
ኤርትራ ዝነበረ ማሕበራዊ፡ ቍጠባውን
ፖለቲካውን ምንቅስቓስ ዘጠቓለለ
ክኸውን’ዩ። እዚ ከኣ፡ ንመንእሰይ ኤርትራ
ብዛዕባ’ቲ ምዕባለን ብልጽግናን ኤርትራ
ዝዓንቀፈን ገና ዝዕንቅፍ ዘሎን ሓቀኛ ታሪኽ
ሃገሩ መምሃሪ፡ ንዓበይቲ ከኣ መዘኻኸሪ
ክኸውን ተስፋ እገብር።

ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት እጽሕፍ
ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን፡ ሓደ ዘኽብሮን
ዝፈትዎን ዝነበርኩ ተኸታታሊ ጽሑፈይ፡
“ተስፋይ ቫጋሞንዶ ኣበይ ኣበለ፧ ኣብ ጕዕዞ
ናይ ንእስነት ህይወቱ ሓናኽ ዶ ነይሩ፧
እታ ብሽግለታኡኸ መኪናዶ ኮን ወሊዳ

ትኸውን፧ ሎተሪና ወይ ባቡር ምድሪ
ኤርትራ ብንእሽቶኡ እንከሎ ተሰቒሉወንዶ
ይኸውን፧” ዝብል ሕቶታት ኣልዒሉ
ዘዛኻኸረኒ እና’መስገንኩ፡ ኣብ ናይ ንእስነት
ጕዕዞ ህይወተይ ሓናኽ ከም ዘይነበርኩ
እዝክር። ከም ኩሎም ደቂ ሰብ ድማ፡
ኣብ እዋን ጕብዝና ኣብ መንጎ ክልተ ጾታ
ጦብላሕታ ዝፈጥር ኩነት ክህሉ ባህርያዊ
እዩ። ኣነን መተዓቢይተይን ካብ’ቶም
ቀልጢፎም ምስ ሹቕ ዝተላለዩ ብምዃንና፡
ኣብ’ቲ ብእንዳ ሻሂ ጀሚሩ ብእንዳ ስዋን
እንዳ ሜስን ኣቢሉ ናብ ባራት ዝሰገረ
ጕዕዞ ህይወትና፡ “ስዋስ ሰቲናዮ! ስዋ
ናይ ኮውሓት፡ ቢራ ተሪፉና ቢራ ናይ
ፈሲሓት!” እናበልና ኣብ ዝተፈላለዩ
ቦታታት ብወኻዕካዕን ሕጫጨን ማስያን
ተሰኒና ክንዘውር ሕጂ ኮይኑ እረኣየኒ።

እቲ ኣብ ንእስነትና ብቐዳምነት ዘጥረናዮ፡
ርእሰ-ምትእምማን ወይ ካብ ሕፍረትን
ሕንከትን ሓራ ምዃን እዩ ዝነበረ። ኣነ
ብዝነበረኒ ቅልጣፈን ዋዕን፡ ኣውራ ከኣ
ብዝነበረኒ ወትሩ ፍሽኽታ ዘይፍለዮ ብሩህ
ገጽ፣ ምስ ዝኾነ ሰብ - ጓል ትኹን
ወዲ ንኽላለ ጸገም ስለ ዘይነበረኒ፡ ሓናኽ
ወይ ሓፋር ኣይነበርኩን። እታ ፈለማ
ዝተላለኹዋ - ቁሩብ ብፍቕሪ ሒቒቕ
ኢለላ ዝነበርኩ መሓዛይ፡ ኣብ እንዳ ‘ኢማ
ፋብሪካ ጎልፎ’ ትሰርሕ ምጭውቲ ጓል
ሄዋን እያ ነይራ። እዛ “ኣበይ ኮን ትህሉ፧”
እናበልኩ ክሳዕ ሕጂ ዝዝክራ ጓል ሄዋን፡
ሓናኽ ከም ዘይነበርኩ ባዕላ ምመስከረትለይ
ነይራ። ኣብ ግዜ ጕብዝናይ ኣስመራ ብዙሕ
መዘናግዒታት ስለ ዝነበራ፡ ካብ ሹቕን እንዳ
ስዋታትን ሰጊረ፣ ካብ ባቢሎን ጀሚርካ
ክሳብ ካምፖ ቦሎ ዝነበራ ባራትን ካልኦት
መዘናግዒታትን፡ ማለት ሞካምቦ፡ ላጌቶ፡ ጉዋ፡
ክሮቸ ደልሱድ፡ ካረቨልን ካልኦትን ከም
ኣጻብዕተይ እፈልጠንን እዞረንን ነበርኩ።
ኣብ’ተን ቦታታት እቲኣተን፡ ምስ ኣዕሩኽተይ
ኣዋልድ ዓዲምና ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት
ዲስኮ ሒዝና ፓርቲ ንገብር ስለ ዝነበርና፡
ኣብ ኣእምሮይ ዘይሃስስ ተዘክሮ’ዩ ዘሎኒ።

ኣብ’ቲ እዋን ዘጋጠሙኒ ክልተ ዘይርስዖም
ፍጻመታት ኣሎዉ። ሓደ ምሸት፡ ካብ ዓዲ
ጣልያን ዝመጽኣ ሳዕሳዕቲ ክርኢ ኢለ ኣብ
ሞካምቦ ክኣቱ ኣብ ዝፈተንኩሉ እዋን፡
“ካራቫታ ዘይብልካ” ኢሎም ምስ ከልከሉኒ፡
ደገ ወጺአ ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ ቁልፈይ
ፈቲሐ ከም ካራቫታ ኣብ ክሳደይ ኣሲረ
ክኣቱ እንከሎኹ ዘስተብሃለለይ ኢጣልያዊ
ዋና ሞካምቦ፡ ብተግባራተይ ተደኒቑ ክኣቱ
ፈቐደለይ። ጋዞዛ ዝበሃል ልስሉስ መስተ
ጋቢዙ ከኣ፡ ክዘናጋዕ ገደፈኒ።
እቲ ካልኣይ ከኣ፡ ኣብ ቤተክርስትያን
ኪዳነ ምህረት እንዳ ተኽለ ኣብ ዝበሃል
ቤት ትምህርቲ ሳዕስዒት እዩ። 25
ንኸውን መንእሰያት፡ ቻቻቻ፡ ትዊስን
ታንጎን ክንመሃር እናተጸበና ከሎና፡
ዘይሓሰብናዮ ብቓርማ (ሰለይቲ) ዝተሓበሩ
ፖሊስ ብሰርጀንተ ኣልሃዲ ተመሪሖም
መጽኡና። “መኣከቢኹም ምኽንያት
ካልእ እዩ፣ ፈሊጥናዮ ኣሎና፡” እናበሉ፡ ናብ
ወልደሚካኤል ኣብርሃን (ድሕሪ ናጽነት
ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳር ዝነበረ) ርእሶም
ወዲ ሸቃን (ሰኒታ) ኢዶም እና’ወጣወጡ፡
ናብ’ቲ ኣብ ፊት መገዲ ኣየር ኤርትራ
ዝርከብ ብ ‘ካዘርማ ሞሶሊኒ’ ዝፍለጥ ዝነበረ
ናይ ቀደም መደበር ፖሊስ ወሰዱና።

ሓደ ካብ’ቶም ኣስማት ዝምዝግቡ ዝነበሩ
- ሰርጀንተ ዘውደ፡ ንብዙሓት መንእሰያት

መዝጊቦም ናብ’ቲ ንኽምዝገብ ተራኡ
ዝጽበ ዝነበረ ወዶም ምስ በጽሑ፡ “መን እዩ
ስምካ፧” ኢሎም ሓተቱ። ንሱ ድማ፡ “ታደሰ
ዘውደ” በሎም እሞ፡ መረጼኖም ኣውጺኦም
ካብ ኮፍ ኢሎሞ ዝነበሩ ብቕጽበት ሓፍ
ኢሎም ምስ ረኣዩዎን ወዶም ምዃኑ ምስ
ኣረጋገጹን፡ “ኣቺደንተ ፖቬሮ ዘውደ!
ንኹሎም ውሰዱዎም!” ኢሎም ኣብ ሸላ
ኣእተዉና። እዚኣ እታ ኩሉ ግዜ እትዝከረኒ፡
ፈለማየይ ምስ ብዓል ወልደሚካኤል ኣብርሃ
ዝተኣሰርኩላ ዘይርስዓ ለይቲ እያ ዝነበረት።
ምስ ወልደሚካኤል ኣብ ዝተራኸብናሉ
እዋን ከኣ፡ “ፖቬሮ ዘውደ” እናበልና
ንስሕቐሉ ዝነበርና ግዜ እዝክሮ።

“ንእስነት ዕዳ፡” ከም ዝብሉዎ፡ ናይ
ጉብዝናይ ግዜ እቲ ብዙሕ ዝተሓጎስኩሉ
እዋን ክኸውን እንከሎ፡ ኣመሪካውያን
ብብልሓት፡ ብባህሎምን ልምዶምን
ገይሮም ክምርዙና ይሰርሑ ምንባሮም
ግን፡ ኣነ ይኹን መተዓቢይተይ ብዙሕ
ኣይነስተብህለሉን ኢና ዝነበርና። እቲ
ብዝያዳ ምስ ኣዕሩኽተይ ከዕልለሉን
ወኻዕካዕ ክብለሉን ዝፈትዎ ዝነበርኩ
ቦታታት - ባራት ኮይኑ፡ ምስ’ተን ኣብኡ
ብዝተፈላለየ ምኽንያታት፡ ብኣውራኡ
ድማ፡ ማሕበራዊ ናብራ ኣገዲዱወን ዝሰርሓ
ዝነበራ ደቂ ኣንስትዮ ከዕልል ደስ እዩ
ዝብለኒ ነይሩ። ከም ኩሉ ፍጡር ክብረተን
ሓሊኻ ምስኣተን ምስ እተዕልል ሓበሬታ
ጥራይ ዘይኮንካ እትረክብ፡ ሰብኣውነት
ዝተሓወሶ ለውሃት፡ ሓልዮትን ምኽርን’ውን
ስለ ዝልግሳልካ፡ ምስኣተን ምዕላል ዝያዳ
ይስሕበኒ ነይሩ።
ዝኾነ ሰብ፡ ወዲ ይኹን ጓል፡ ዓይነ ስዉር
ይኹን ጽሙም፡ ሓጺር ይኹን ነዊሕ፡
ረጒድ ይኹን ቀጢን፡ ቆራይ ይኹን
ሓንካስ፡ ሃብታም ይኹን ድኻ፡ ወዘተ. ነቲ
ዝነብሮ ዘሎ ናብራን ትሕዝቶኡን ገዲፍካ፡
ብዘሎዎ ኣተሓሳስባ ምስ እትመዝኖን
ቀሪብካ ምስ እተዘራርቦን፡ ዘይተጸበኻዮ
ብዙሕ መሃርን ኣገራምን ነገራት ካብኡ
ትረክብ ኢኻ። እዚ፡ ዕጋበት ዝህብ ምዃኑ
ምርዳእ ኣገዳሲ’ዩ። ኩሉ ሰብ ክቡር ምዃኑን
ናቱ ፍሉይ ክብርታት ከም ዘሎዎን ምፍላጥ
ኣድላዪ ኮይኑ፡ ከምኡ ምስ እትገብር ኣብ
ጕዕዞ ህይወትካ ክሳብ ክንደይ ዕጋበት ከም
ትረክብ ምርዳእ ቍምነገር’ዩ።

ብእንዳ ሚስተር ሳንደስ ብዝተወፈየትለይ
ብሽግለታ ገይረ እየ ንኹሉ ክበጽሖ ዝደልን
ዝንቀሳቐስን ዝነበርኩ። ዘኽብሮን ዝፈትዎን
ተኸታታሊ ጽሑፈይ ኣብ ማሕበራዊ
መራኸቢታት ዝነበረ፡ “መኪናዶ ወሊዳ!
ወይስ ተሰሪቓ ወይ’ውን ጠፊኣ፧” ኢሉ
ብዛዕባ ብሽግለታይ ተገዲሱ ምሕታቱ
እና’መስገንኩ፡ እታ ምስ ኩላ ኣስመራ
ጥራይ ዘይኮነስ ምስ ዝተፈላለዩ ሰባትን
ሰፈራታትን’ውን ብቕልጣፈ ክላለ ዝሓገዘትኒ

ብተስፋይ እስቲፋኖስ

8ይ ክፋል

ካብ መጻሕፍቲ ካብ መጻሕፍቲ

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.64 13 ሕዳር 2026 - ገጽ 9

ካብ ዞባታት ካብ ዞባታት
ገርጊስ ፍቓድ

ዞባ ዓንሰባ ሻሙናይ ክፍሊ፡ መሰጋገሪ ድልድል ንላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ
ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ፡ ተመሃሮ
ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ ካብ መዋእለ
ህጻናት ጀሚሮም ኣብ መባእታን ማእከላይን
ደረጃታት ዝቐሰምዎ ትምህርትን
ዘጥረይዎ ብቕዓትን ዝግምግም ኣገዳሲ
ምዕራፍ መስርሕ ምምሃር ምስትምሃር
ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ መሰጋገሪ ድልድል
ን2ይ ደረጃን ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርትን
እዩ። ነዚ መርመራ’ዚ ብብቕዓት ዝሰገረ
ተመሃራይ ከኣ ብወኒ ንላዕለዋይ ደረጃ
ናይ ምቕጻል ዕድሉን ብሩህ መጻኢኡን
ዘተኣማምን’ዩ ክበሃል ይከኣል።

በዚ መሰረት፡ 8ይ ክፍሊ ኣገዳሲ
ድልድል መቐይሮ ገስጋስ ትምህርቲ
ብምዃኑ ብሚ/ሪ ትምህርቲ ኣዝዩ
ዕቱብ ኣቓልቦ’ዩ ዝግበረሉ። ዓርሞሽሻዊ
ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመታዊ
ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣብ ኩለን ዞባታት
ብስሩዕ ትምህርቲ፡ ዓረዮት፡ ምሸታዊ፡ ኣብ
ትካላት ተሃድሶን ሓይልታት ምክልኻል

ኤርትራን ዝተማህሩ ከምኡ’ውን ኣብ
ሱዳንን ስዑድያን ዝካየድ ኮይኑ ሎምዘበን
ብድምር 65,895 ተመሃሮ ተፈቲኖም።
ኣብዚ መድረኽ’ዚ ዋላ ኣብቲ ርሑቕ
ገጠራት’ውን ከይተረፈ ናይ ማእከላይን
ካልኣይን ደረጃታት ኣብያተ ትምህርቲ
ተሃኒጹ ስለዘሎ፡ እቲ ዝርጋሐ ብምዕሩይነትን
ማሕበራዊ ፍትሒ ብዘረጋግጽ ኣገባብን
ንኹሉ ዜጋ ኣሳታፊ ኮይኑ ኣሎ።

እቲ ተሳታፍነት ኣብ ብዝሒ ጥራሕ
ተዓዊቱ ብብቕዓት እንተዘይተደሪዑ ግን፡
ክንዲ ኣፍራይነት ከንቱ ሃልክን ብኽነትን
ስለዘኸትል ኣዝዩ ዕቱብ ምክትታል ዘድልዮ
ጉዳይ ስለዝኾነ፡ ሃገራዊ ስርዓተ ትምህርትና
መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣብ
ኩሉ ደረጃታት ትምህርቲ ብብቑዕ
ስርዓተ-ምዘና ከምዝሓልፍ ንምግባር
መምስ መድረኹ ብዝሳነ ኣገባብ
ዝተኸለሰ መምርሒታት ኣብ ምውጻእን

መም/ ክፍላይ ዓንደሚካኤል መም/ ሓምድ ዑስማን

መም/ ዲኒ መሓመድ - መም/ ግርማኣለም ተኪኤ

ምትግባርን ይርከብ። ሃገራዊ መርመራ
8ይ ክፍሊ እምበኣር ንብቕዓት ስርዓተ-
ትምህርትናን ኣድማዕነቱን ዘንጸባርቕ
ወድዓዊ መስትያት ኢዩ።

ብዕለት 22 ጥቅምቲ 2026 ኣብ ዞባ
ዓንሰባ ብደረጃ ዞባ ንሃገራዊ መርመራ
8ይ ክፍሊ ዝግምግምን ንብሉጻት ተመሃሮ
ሽልማት ኦርያ ናይ ምዕዳልን ሰፊሕ ዋዕላ
ተኻይዱ። ኣብቲ ዋዕላ ካብ ሚ/ሪ ትምህርቲ
ወኪል ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ መምህር
ኣብረሃም ርእሶም፡ ሓለፍቲ ጨንፈር
ምዘናን ሃገራዊ መርመራን፡ ከምኡ’ውን
ካብ ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ
ዞባ፡ ሓለፍቲ ክፍልታት ዞባን ግንባርን፡
ሓለፍቲ ትምህርቲ ንኡሳን ዞባታት፡
ተወከልቲ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ፡
ርእሳነ-መምህራን፡ ሓለፍቲ ሃገራውያን
ማሕበራት፡ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን
ምምሕዳር ከባቢታትን፡ ኮሚቴታት
ወለዲ፡ ተሸለምቲ ተመሃሮን ወለዶምን
ተረኺቦም ነይሮም።

ኣብ ጨንፈር ሚ/ሪ ትምህርቲ ዞባ
ዓንሰባ ተወካሊ ሃገራዊ መርመራ
8ይ ክፍሊ መም. ሓምድ ዑስማን
ሰዓደዲን፡ ንህሉው ኩነታት 8ይ ክፍልን
ውጽኢቶምን ዝገልጽ፡ ምስ ዝሓለፉ
ዓመታት ብምንጽጻር፡ ብኣሃዝ፡ ሰደቓታትን
ግራፍን ዝተሰነየ ኣዝዩ ዝርዝራዊ መግለጺ
ኣቕሪቡ። ብመሰረት’ቲ ዝቐረበ ጸብጻብ፡
ሎምዘበን ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ ካብ
ትሽዓቲአን ን/ዞባታት ናይ 92 ኣብያተ
ትምህርቲ ማእከላይ ደረጃ፡ ንመርመራ
ካብ ዝተመዝገቡ 9802 ተመሃሮ 8ይ
ክፍሊ ኣብ 80 ማእከላት መርመራ፡
5109 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከባኦም ብድምር
9590 ተመሃሮ ተፈቲኖም። ካብ ጠቕላላ
ተፈተንቲ፡ እቶም 6046 ንመጀመርያ
ግዜኦም ዝተፈተኑ ክኾኑ ከለዉ እቶም
ዝተረፉ 3756 (39%) ካብ 2 - 5 ዓመት
ደጋጊሞም ዝተፈተኑ እዮም። እዚ ናይ
ደገምቲ ብዝሒ ኣሃዝ ከኣ ዝተፈላለየ
ረቛሒታት፡ ጠንቅታትን ምኽንያታትን’ኳ
እንተሃለዎ ካብቶም ኣሰከፍቲ ተርእዮታት
ምዃኑ ተገምጊሙ። ሎምዘበን ብደረጃ
ዞባ ዓንሰባ ኣብ ሃገራዊ መርመራ
ተፈቲኖም ዝሓለፉ ተመሃሮ 39.8%
ክኾኑ ከለዉ ምስ ናይ ዓሚ ክነጻጸር
ከሎ ብ10.4% ትሒቱ ኣሎ። እቲ ናይ
ምሕላፍ መጠን ሚእታዊት ሎምዘበን
ብደረጃ ሃገር’ውን ትሒቱ’ኳ እንተሃለወ፡
ብመሰረት ኣብቲ ዋዕላ ዝተገብረ ገምጋም፡
ውጽኢት ዞባ ዓንሰባ ትሕቲ 50%

ምንቊልቋሉ ንተሳተፍቲ ዋዕላ ብዙሕ
ከም ዘሻቐሎም፡ ንምፍዋሱ’ውን ከቢድ
ሓላፍነት ተሰኪሞም ዘይተገደበ ጻዕሪ
ዝሓቶም ምዃኑ ተረዳዲኦም ኣለዉ።
ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ
ብደረጃ ሃገር በብዓመቱ ክብን ለጠቕን
እናርኣየ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ኣብ ዝሓለፈ
ዓመተ ትምህርቲ 68.8% ዝነበረ ሎምዘበን
ኣብ ዓመተ 2026 ብኣስታት10%
ትሒቱ 59.5% ወሪዱ ምህላዉ ኣብቲ
ብሓላፊ ኣሃዱ ሃገራዊ መርመራ 8ይ
ክፍሊ መምህር ዲኒ መሓመድ ዝቐረበ
ዝርዝራዊ ጸብጻብ ተገሊጹ።

ኣብ ዝኾነ ስራሕ ድኽመታትካ
ምልላይን ብልጫታትካ ምዕቃብን፡
ንቐጻሊ ገስጋስን ዕብየትን ወሳኒ እዩ።
ሓላፊ ጨንፈር ምዘናን ሃገራዊ መርመራን
መምህር ግርማኣለም ተኪአ፡ “ዞባ
ዓንሰባ፡ ድኽመታቶምን ጸገሞምን ኣበይ
ከምዘሎ ብንጹር ኣለልዮም ብግሉጽ
ኣገባብ ኣሚኖምሉ፡ ንምፍዋሱ’ውን
ብዕቱብነት ተዓጢቖም ብምህላዎም፡
ንቀጻሊ ውጽኢታዊ ስራሕ ከምዝዓሙ
ኣይንጠራጠርን” ኢሉ።

ብደረጃ ሃገር ይኹን ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ፡
እቶም ዝበዝሑ ተፈተንቲ ኣብ ገጠራት
ዝርከቡ፡ ብቁጽሪ ካብ ናይ ከተማታትን
ሓውሲ ከተማታትን ጸብለል ዝበሉ
እዮም። እቶም ብብዝሒ ዝተርፉ’ውን
ናይ ከባቢታት ገጠራት ተመሃሮ እዮም።
ካብ ተፈተንቲ ዞባ ዓንሰባ 53% ተመሃሮ
ገጠራት ክኾኑ ከለዉ 31% ተመሃሮ
ከተማ፡ 16% ከኣ ተመሃሮ ሓውሲ ከተማ
እዮም። ኣብ ዞባ ዓንሰባ መምሃሪ ቋንቋታት
ኣደ ትግርኛ፡ ትግረ፡ ብሊንን ዓረብን’ኳ
እንተኾነ፡ ብመንጽር ብሄራት ግን ብዘይካ
ዓፈር ደቂ ኩለን ብሄራትና ዝኾኑ
ተመሃሮ ኣለዉ። ብመንጽር ጾታ’ውን
ብደረጃ ዞባ ክረአ ከሎ ኣተባባዒ ኮይኑ
52% በጺሑ’ኳ እንተሃለወ፡ ኣብ 5 ን/
ዞባታት ተሳታፍነት ደቂ ኣንስትዮ ትሕቲ
49% ክኸውን ከሎ፡ እታ ዝተሓተት ን/
ዞባ ኣስማጥ ከኣ 35% ደቂ ኣንስትዮ
ስለዘሳተፈት፡ ንምዕሩይነት ተሳትፎ ጾታ
ዝምልከት’ውን ኣቓልቦ ዝሓትት ጉዳይ
ምዃኑ ብመጽናዕቲ ተነጺሩ ኣሎ።

መጠን ትሑት ደረጃ ምሕላፍ ተመሃሮ
ከከም ጂኦግራፍያዊ ኣከባብን ኣቀማምጣ
መነባብሮን፡ ተመሃሮ ክረኽብዎ ዝኽእሉ
ዕድላት ተወሳኺ ትምህርቲ፡ ዓይነት
መምህራን፡ መሳለጥያታት ትምህርቲ፡
ደረጃ ንቕሓትን ደገፍን ወለዲ፡

ኮሚቴታት ወለድን ኣብያተ ትምህርትን
ኣብ ገጠራትን ከተማታትን ሰፊሕ ጋግ
ብምህላዉ፡ እቲ ውጽኢት’ውን ዝተፈላለየ
ክኸውን ትጽቢት ዝግበረሉን ውሁብን
እዩ። ኣብ መርመራ ኣብያተ ትምህርቲ
መጠን ምሕላፍ 86% ዝነበረ ኣብ ሃገራዊ
መርመራ ግን ናብ 40% ብምንቊልቋሉ
እቲ ፍልልይ ኣዝዩ ገፊሑ ኣሎ።

ኣብዚ እዋን’ዚ ጨንፈር ሚ/ሪ ትምህርቲ
ዞባ ዓንሰባ ብዕቱብ ተተሓሒዝዎ ዘሎን
ጽቡቕ ገስጋስ ዘርኣየን መደብ ንምቕዳሕ
ምጽያንን ከም ኣምር ናይ ምጥፍኡን
ተበግሶ እዩ። ሓላፊ ጨ/ት/ ዞባ ዓንሰባ
መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል ኣብቲ
ዋዕላ ጸቒጡ ዝተዛረበሉ “ምስራቕ፡
ምቕዳሕ መርመራ፡ ካብ ገንዘብን ንብረትን
ናይ ምስራቕ ገበን ንላዕሊ ኢና ንሰርዖ”
ብምባል ‘ዜሮ ተጻዋርነት ንምቕዳሕ’
ብምምዕባል ብዕቱብ ክስረሓሉ ከም ባህሊ
ክረዓምን ክስረሓሉን ኣተሓሳሲቡ።

ናይ ዞባ ዓንሰባ ደረጃ ምሕላፍ
ብሚእታዊት ከም ዝትሕት ካብ ዝገበረ
ረቛሒታት፡ ልዕሊ ፍርቂ ካብተን ንኡሳን
ዞባታት፡ ሓመልማሎ 17%፡ ገለብ 18%፡
ሓልሓልን ሃበሮን 26% ኣስማጥ 27%
ምምዝጋበን እዩ። ብኣንጻር’ዚ ግን ከም
ከረንን ዓድተከሌዛንን ልዕሊ 70% ዘሕለፋ
ብምህላወን እቲ ኣብ መንጎአን ዘሎ ጋግ
ኣዝዩ ገፊሕ ኮይኑ ኣሎ። ነዚ ፍልልያት’ዚ

ንምጽባብ ከኣ እተን ብደረጃ ዞባ፡ ብውልቂ
ይኹን ብክላስተር ርኡይ ለውጥን
ምምሕያሽን ዘርኣያ ኣብያተ ትምህርቲ፡
ጽልዋ ቅዱስ ቅንኢ ንምሕዳር፡ ኣብቲ
ዋዕላ ተመኩሮአንን ዝተጠቕማሉ ሜላ
ኣመሃህራን ዝካየዳኦ ጻዕርን ከምዝገልጻ
ተገይሩ። ኣብ ኩለን እተን ብሉጽ ነጥቢ
ዘመዝገባ ኣብያተ ትምህርቲ ምስጢር
ዓወተን ንጡፍ ተሳትፎን ኣበርክቶን
ወለድን ኮሚቴታት ኣብያተ ትምህርትን
ዝገበርዎ ኮማዊ ሰረት ዝሓዘ ሓባራውን
ቀጻልን ጻዕሪ እዩ።

ብደረጃ ሃገር ይኹን ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ
ውጽኢት ተመሃሮ ብመንጽር ዕድመ፡

እቶም ኣብ ልክዕ ዕድመኦም ብፍላይ
ናይ ክልተ ዓመትን ሓደ ዓመትን
ብመዋእለ ህጻናት ተማሂሮም ዝሓለፉ
ዝያዳ ዕዉታት እዮም። ዕድመኦም
ትሕቲ 15 ዝኾኑ ዝሓሸ ውጽኢት
ከመዝግቡ ከለዉ ልዕሊ 16 ዝዕድመኦም
ከኣ ዝደኸሙ እዮም። እቶም ዝበዝሑ

(7889)፡ ተፈተንቲ ተመሃሮ ዞባ ዓንሰባ
ኣብ ክሊ ዕድመ 16-20 ዝርከቡ እዮም።

ኣብቲ ዋዕላ ብተሳተፍቲ ካብ ዝቐረቡ
ብርክት ዝበሉ ርእይቶታት፡ ሓሳባትን
ለበዋታትን፡- መምህራን ብሞያ ስነ-
ምምህርና ክበስሉ ከምኡ’ውን መምህራን
ቋንቋ ኣደ ብሊንን ትግረን ክስስኑ
ጉዳይ ማእከል መሰልጠኒ መምህራን
ብዕቱብ ክረአ፡ ኩሉ ህጻን ተመሃራይ
ብመዋእለ ህጻናት ክሓልፍ ክግደድ፡
ከቕድሑ ዝተረኽቡ ይኹን ዘይዕቱባት

መምህራን ክቕጽዑ፡ ኣብ 5 ንኡሳን
ዞባታት ዝተተግበረ ዋዕላታትን ስልጠናን
ገምጋም 8ይ ክፍሊ ኣብ ኩለን ንኡሳን
ዞባታት ክቕጽል፡ ብሰንኪ መደባት
ባህላውን ስፖርታውን ቅነ ንልዕሊ ሰሙን
ኣብኲሮም ካብ ትምህርቶም ዝጐናደቡ
ተመሃሮ ግዳያት ከይኮኑ ፍሉይ ኣቓልቦ
ክግበረሎም፡ ጸገም ዋሕድን ዓይነትን
መምህራን ኣብ ገጠራት፡ ተገዳስነትን

ንቕሓትን ኮማዊ ተሳትፎ (ወለዲ)
ከምዝዓቢ ምግባር፡ ተመሃሮና ካብ
ደረጃ መባእታ ብብቕዓት ከምዝሓልፉ
ንምርግጋጽ ብዕቱብ ምክትታልን
ምምዛንን… ዝብሉን ካልኦትን ነይሮም።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.64 13 ሕዳር 2026 - ገጽ 10

ኣሎ። በዚ ኣገባብ’ዚ ኣብ ዝተገብረ
መጽናዕቲ ሰባት ብኽልተ ምኽንያት
ከም ዝወላወሉ ተመራመርቲ
ይገልጹ፥ ትሑት ኣገዳስነትን ትሑት
ርእሰ ምትእምማንን። ‘ትሑት
ኣገድስነት፡ ጥቕሚ፡ ውጽኢት...
ኣለዎ፡’ ንእንብሎ ለውጢ፡ ብዙሕ
ድርኺት ስለዘይህልወና ዝያዳ
ተወላወልቲ ንኸውን። ኣገዳስነት፡
ጥቕሚን ወጽኢትን ለውጢ፡
መምስ ኵነታትን ግዜን ስለ
ዝቕየር፡ ‘ትሑት ኣገዳስነት ኣለዎን
የብሉን፡’ ኢልካ ክትድምድም
ቀሊል ኣይኮነን፡፡ ንም’ውልዋል ግን
ምሕሳብ ጥራይ ኣኻሊ እዩ። እቲ
ለውጢ ልዑል ኣገዳስነት እናሃለዎ
‘ትሑት ኣገዳስነት ኣለዎ፡’ ኢልካ
ምሕሳብ ጥራይ ንውሳነን ተግባርን
ብኣሉታ ከድምዓሉ ይኽእል።
ብተወሳኺ፡ ‘ለውጢ ዝሓቶ ክእለት
የብለይን፡’ ‘ክቕየር ኣይክእልን እየ፡

’ ‘ኣዝዩ ከቢድ እዩ፡’ ወዘተ ዝብል
ትሑት ርእሰ ምትእምማን ዘንጸባርቕ
ሓሳብ ካብ ለውጢ ሓሊኹ ናይ
ምሓዝ ሓይሊ ኣሎዎ። ምኽንያቱ
ኣእምሮና ንዝተደጋገመ ሓሳብ ከም
ክዉን ወይ ተኣማኒ ገይርካ ናይ
ምውሳድ ተፈጥሮ ስለዘለዎ። ስለዚ
ንነገራት ብድብዱቡ ‘ከቢድ’ዩ!’
‘ዘይከኣል!’ ‘ኣጸጋሚ’ዩ!’ ወዘተ
እናበልካ ምሕሳብን ምዝራብን
ንኸይንውስን ወይ ብኣጋኡ ተስፋ
ክንቈርጽ ይገብር።

ጠንቂ ም’ውልዋል ኣብ
ድርኺትን ርእሰ ምትእምማንን
ዝተደረተ ጥራይ ኣይኮነን።
ውልቃውን ማሕበራውን ኣድልዎ፡
ትሑት ምሕደራ ስምዒትን ሕሉፍ
ተመኵሮን እውን ጽልዋ ከም
ዘሎዎ ይንገር። ንኣብነት፡ ብልዑል
ርእሰ ምትእምማን ዝወሰናዮ ውሳነ
ካብ ትጽቢትና ውጻኢ ዘሰንብ

ንምንታይ ኢና ኣብ ውሳነ ንወላወል?

ሄለን መኸታ

ውጽኢት ምስ ዘምጽእ፡ ብድሕሪኡ
እንገብሮ ውሳነታት ከም እንወላወል
ይገብር። ናይ ምውልዋል ልምዲ
ብሓደ ወይ ክልተ ኵነታት ዝፍጠር
ኣይኮነን፡፡ ነቲ ኣብ ሓደ ግዜ
ዝስምዓና ናይ ምውልዋል ስምዒት
ብግቡእ ተረዲእና ምስ ዘይንፍውሶ
ይዓብን ናብ ልምዲ ይቕየርን።
ም’ውልዋል ኣብ መንጐ ክልተ
ወይ ካብኡ ንላዕሊ ተቓራኒ ምርጫ
ናይ ውሳነታት ተቐርቂርካ ከተዕነኒ
ዝፈርድ፡ ስምዒት፡ ኣረኣእያ፡ ኵነተ
ኣእምሮ ከም ዝህልወካ ዝገብር
እዩ። ጠንቂ ም’ውልዋል ብግቡእ

ምስ ዘይነለሊ፡ ጌጋ ምስሊ ናይ
ነብስና ከም እንሕዝ ይገብር። ኣብ
ግዜኡን ቦታኡን ከይንውስን ሓሊኹ
ብምሓዝ ናብ ጣዕሳን ጸቕጥን
የቃልዕ፡፡ ብሰንኪ ምውልዋል
ዝጠፍእ ግዜ፡ ዕድላትን ጸጋታትን
እውን ምስ ኣሊታዉ ጽልዋ እዩ
ዝሕሰብ። ምውልዋል ምትዕጽጻፍን
ተባላሓትነትን እውን ይቐትል እዩ።
ብተወሳኺ፡ ምስ ካልኦት ሰባት
ዝህልወና ዝምድና’ውን የበላሹ
እዩ። ሰባት “ክወላውል መዓትዩ፡
ኣይውስን’ዩ፡” ምስ ዝብሉና ኣባና
እምነት ኣጕዲሎም ከም ዘለዉ
እዩ ዝእንፍት። ብዘይ እምነት
ከኣ ዝምድንና ክህሉ ስለዘይክእል፡
ም’ውልዋል “ቀታሊ ዝምድና እዩ”
ክንብሎ ንኽእል።

“ሽኮር ክቕንስ ደልየ ግን ብርቱዕ
እዩ፡ ሓንሳእ እጅምር ጸኒሐ ከኣ
እገድፎ” “ኣካላዊ ምንቅስቓስ
ክጅመር ካብ ዝብል ክንደይ እዋን
ኣለኒ፡ ግን ግዜ ክትርክብ ኣጸጋሚ’ዩ፡
” “ንግሆ ምትንሳእ ብዙሕ ግዜ
ከም ዝህልወካ ይገብር ምዃኑ
ይርድኣኒ’ዩ፡ እታ ኣብ ወጋሕታ ዘላ
ድቃስ ግን ክትጥዕም መዓት እያ!”

ም’ውልዋል ዝወጠናዮ ለውጢ
ንኸይነካይድ ከም ታኼላ ጨቢጡ
ዝሕዝ ዘበሳጩ ልምዲ እዩ።
ንለውጢ ክንብገስ እንከለና ደራቲ
ሓሳብ ክመላለሰና ንቡር እዩ።
ዝበዛሕና፡ ኣብ ክንዲ ምንጻግ፡ ነቲ
ሓሳብቲ ክንቅበሎ፡ ቅድሚ ንለውጢ
ምብጋስና መልሲ ክንረኽበሉ፡
ኣብ ገለ ግዜ’ውን ከም ውድዓዊ
ምኽንያት ወሲድና ካብ ለውጢ
ክንቦኮር ኢና ንመርጽ። ዘወላውል
ሓሳብ ንገለ ዘጥቅዕ ንገለ ከኣ
ዝሓድግ ቫይረስ ኣይኮነን። ንኹሉ
ንለውጢ ዘንቀደ ሰብ ንምቡኻር
ብማዕረ’ዩ ዝብገስ። ሓንጐልና ነቲ
ለሚድዎ ዝጸንሐ ልምዲ ገዲፉ ካልእ
ሓድሽ ልምዲ ንኸጥሪ ብዙሕ ጻዕሪ
ስለዘድልዮ፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ
ሓሳብ ከሎ ክቐትሎ እዩ ዝፍትን።
እንተ ኣስተብሂልና’ውን ዝያዳ
ልምድና ዝበርትዐ ዝያዳ ንለውጢ
ዘባኽር ም’ውልዋል’ዩ ዝስምዕና።
ም’ውልዋል ባህርያዊ ተርእዮ
ካብ ኮነ፡ ንምንታይ ድኣ ኩልና
ተወላወልቲ ዘይኮንና? ንምንታይ
ገለ ሰብ ጥራይ ተወላወልቲ ዝኾኑ፡
ገለ ከኣ ብዘይ ምውልዋል ዝውስኑ?

ጠንቂ ም’ውልዋል ንምፍላጥ
ክሕግዘና ዝኽእል ኣብ መጽናዕቲን
ምርምርን ዝተሞርከሶ ኣገባብ “ናይ
ድርኺት ቃል መሕትት” ዝበሃል

ስምዒታዊ ም’ውልዋል

ኣብ ሓደ ኵነት ክልተ ተጻራሪ
ስምዒት ተሰሚዑናዶ ይፈልጥ?
ተመስጦን ፍርሕን፡ ጽልእን
ፍትወትን፡ ባህታን ሓጎስን፡ ወዘተ።
ዝተፈራረቐ ስምዒት ዘመንጩ
ንጥፈት ወይ ኵነታት እንታይ
ከም ትውስን የጥፈኣልካ’ዩ።
ምሕደራ ስምዒት ክሳዕ ዘየዕበና
ከኣ ዝተወጃበረ ስምዒታትና ጠንቂ
ም’ውልዋል እናኾነ ኣብ መዓልታዊ
ህይወትና ኣሉታዊ ሳዕቤን ከኸትል
ይኽእል።

ናይ ኣረኣእያ ም’ውልዋል

የማናዊ ጸጋማዊ፡ ዓቃባዊ
ሊበራላዊ፡ ምዕራባዊ ምብራቓዊ፡
ወዘተ ዝብል ሓረጋት ኣብ ክትዓትን
ትንተናን ሰሚዕና ንኸውን ኢና።
ክትሰምዕም’ውን መሰጥቲ እዮም።
ይኹን እምበር ናብ ካልእ ክትዕ
ትንተናን ከተምርሕ እምበር ኣብ
ሓደ ውሳነ ክትበጽሕ ሓገዝቲ
ኣይኮኑን። ክልተ ተቓራኒ ሓሳብ

ኣብ ሓደ ግዜ ናይ ምስሳስ ክእለት
ምስ ዘይህልወና ከኣ ኣደዳ ነውጽን
ጸቕጥን ክገብሩና ይኽእሉ።

ብልሓዊ ም’ውልዋል

‘ሰብ ከም ድላዩ ክውስን ናጽነት
ኣሎዎዶ ወይስ ብባህርን ባህልን
ዝተቐየደ እዩ፧’ ‘ህይወት ምርጫ
ድያ ዕጫ፧’ ‘ሰብ ምስ ፍልጠቱ
ድዩ ዝውለድ ወይስ ልክዕ ከም
ጻዕዳ ወረቐት ነጻ ኣእምሮ ሕዙ
እዩ ዝውለድ፧’ ‘ባህርያት ሰብ
ብተፈጥሮ ድዩ ዝጽሎ ወይስ
ብኣካባብያዊ ጽልዋ፧’... ዝብሉ ናብ
ተቓራኒ ሓሳባት ዝሸሙ ሕቶታት
ሓደ ዓይነት መልሲ የብሎምን።
ይኹን እምበር ኣብ ክልተ ተገሚዕካ
ሽምጥኻ ሒዝካ ከም ትዋጋእ
እዮም ዝገብሩ። ብሓሳብ ኣብ ሓደ
መዕረፊ ክትበጽሓሉ ዘይትኽእል
ነገር ከኣ ከወላውለካ ናይ ግድን
ይኸውን።

ማሕበራዊ ም’ውልዋል

ማሕበራዊ ም’ውልዋል ኣብ

መንጐ ክልተ ማሕበራዊ ትጽቢታት
ወይ ማሕበራውን ካልእ መዳያት
ህይወትን ዝፍጠር ናይ ምውሳን
ብድሆ እዩ። ኣብ ሓደ ትካል
እትሰርሕ ኣደ ኣብ መንጐ ሰሪሓ
ቍጠባኣ ከተማሓይሽን ምሉእ
ግዜኣ ምስ ውላዳ ከተሕልፍን
ዘሎ ም’ውልዋል ሓደ ኣብነት’ዩ።
ሕብረተሰብ ነንሕድሕዱ ዝመላላእ
ማሕበውን ቍጠባውን ትጽቢታት
ምስ ዝህልዎ ዝደልደለ ማሕበረ
ቍጠባዊ ደርጃ ንኽትሃንጽ
ዝሕግዝ ውሳነ ክትውስን ድርኺት
ይፈጥር። ኣብ ሕብረተሰብና፡
ስራሕ ንቝጠባዊ እቶት ጥራይ
ዘይኮነን ማሕበራዊ ትጽቢት’ውን
እዩ። ሓደ መዐቀኒ ናይ ብቑዕ
መጻመድቲ ኣብ ሓዳር ስራሕን
ብቝጠባ ነብሳ ምኽኣልን’ዩ። ስለዚ
ናይ ምስራሕ ውሳነ ዘወላውል
ኣይኮነን። ብኣንጻሩ፡ ቍጠባና
ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ውራያትን
ጽንብላትን ለውጢ ክንገብረሎ
ዝግበር ውሳነ ኣወላዋሊ’ዩ።
ምኽንያቱ ማሕብበራዊ ትጽቢታት
ኣብ ውራያትናን ጽንብላን ምስ
ቍጠባዊ ደረጃና ዝሳነ ስለዘይኮነ።

ዓይነታት ም’ውልዋል

ኩሉ ናይ ም’ውልዋል ስራሕ ኣብ ኣእምሮና ጀሚሩ ኣብ ኣእምሮና’ዩ ዝውድእ። ስለዚ፡ ካብ ም’ውልዋል ክንላቐቕ ኣብ እንደልየሉ ግዜ ምልክታት ም’ውልዋል ብግቡእ ከነለሊ ይግባእ። ገለ ካብ ባህርያት ም’ውልዋል፤

ክልተኣውነት፣ ክልተ ክልተ ምዃን ሓደ ካብ ባህርያት ምውልዋል እዩ። ኣብ መንጐ ክልተ ኣንጻር ሓሳባት ወይ እወታን ኣሉታን ሓሳብ ዘጠቕልል ሓሳብ፡ ስምዒት ወይ ኣረኣእያ ም’ውልዋል ክንብሎ ንኽእል።

ተጋራጫውነት፣ ምውልዋል ኣብ መንጐ ክልተ ተጋራጫዊ ግን በብኵርናዑ ቅቡል ኮይኑ ዝረኣየካ ሓሳብ ወይ ስምዒት ዝፍጠር እዩ።

ተቐያያርነት፡ ኣእምሮና ክወላወል እንከሎ ካብ ሓሳብ ናብ ሓሳብ ክቀያየር ግዜ ኣይወስደሉን እዩ። ብኡ መንጽር ከኣ ካብ ሓደ ስምዒት ናብ ካልእ ስምዒት ክንናጠር ኢና ግዜና ነሕልፍ።

ውስስብነት፡ ምውልዋል ኣብ ሓሳብ ጥራይ ደው ኣይብልን፣ ሓሳብና ንስምዒትና፡ ስምዒትና ንኣረኣእያና፡ ኣረኣእያና ከኣ ንውሳነና፡ ወዘተ፡ እናጸለወ ኣብ ዘይውጻእ ታኼላ ዝሸምም መስርሕ ምስልሳል እዩ። ስለዚ ነዚ ኩሉ መስርሕ ንምልላይ ልዑል ክእለት ይጠልብ።

መለለዪ ባህሪ

ማንታ ልቢ

ም’ውልዋል ተፈጥሮኣዊ መስርሕ ኣእምሮ እዩ። ናይ ም’ውልዋል ተርእዮ ክነጓድሎ እምበር ምሉእ ብምሉእ ከነወግዶ ኣጸጋሚ ይመስለኒ። ኣብ ገለ እዋን ኣብ መንጐ ክልተ ተጻራሪ ሓሳብ፡ ስምዒት፡ ኣረኣእያ... ነብስና ምስ እንረኽባ ብዙሕ ክንሽገር ኣይግባእን፡፡ ብተደጋጋሚ ካብ ምውሳን ምስ ዝቕይደና ግን ስጕምቲ ክወስደሉ ይግባእ። ገለ ካብቲ ክሕግዘና ዝኽእል ሜላታት፥

- መኣዝን ሓሳብና ስምዒትና፡ ኣረኣእያና... ምልላይ፡፡ ሓሳብትና ብማዕረ ካብ ኣሉታ ናብ ኣዎንታ፡ ክልተ ዝተጻረረ ርትዕታት የምጽእ ምስ ዝህሉ፡ “ግን” “እንተኾነ” “ይኹን እምበር” ወዘተ ዝብል ቃላታት ብብዝሒ ኣብ ርእስና ምስ ዝቓጭልን ካልእን፡ ምልክት ናይ ም’ውልዋል ምዃኑ ክንርዳእ ንኽእል።

- ም’ውልዋል ካብ ክልተ ተጻራሪ ሓሳብ ሓደ ክንመርጽ ኣብ እንፍትነሉ እዋን ዝፍጠር’ዩ፡ ስለዚ ካብዚ ዓዘቕቲ’ዚ ንምጻእ ካብዚ ክልተ ኣማራጺታት ወጻኢ ካልእ ኣማራጺ ምድላይ ወይ ማእከላይ መርገጺ ምውሳድ ይከኣል።

- ሳዕቤን ምውልዋልና ብተደጋጋሚ ንነብስና ምዝኽኻር፤ ም’ውልዋል ጌጋ ውሳነ ከይንውስን ብምፍርራሕ እዩ ኣብ ኣእምሮና ዕምሩ ዘንውሕ። እንተኾነ ብም’ውልዋል እንገብሮ ጌጋ ወይ እንኸስሮ ክሳራ ይበዝሕ። ኣብ ውሳነ ጌጋ ምስ እንፍጽም ካብ ጌጋና ተማሂርና ዳግማይ ከም ዘይንፍጽሞ ከነረጋግጽ ንኽእል ኢና። ምስ እንወላወል ግን ግዜና፡ ጸዓትናን ዕድልናን ኢና ነባሕን። እቲ ዝበኣሰ ሳዕቤን ከኣ ኣብ መጻኢ ዝሓየለ ናይ ም’ውልዋል ልምዲ እምበር ዝሓሸ ናይ ምውሳነ ክእለት ከነጥሪ ዘይሕግዝ ምዃኑ እዩ። ስለዚ ብተደጋጋሚ ንኣእምሮና ሳዕቤን ም’ውልዋል ምስ እነዘኽእኽሮ ዝሓሸ ውሳነ ክውስን ምርጫ ንህቦ ኣለና ማለት እዩ። ኣእምሮና ብም’ውልዋል ዝኸስር ዋጋ ንምውጋድ ክውስን ክድረኽ ይኽእል።

ካብ ም’ውልዋል ንምድሓን...

ሓዳስ ኤርትራ

ስፖርት

መበል 36 ዓመት ቁ.64 13 ሕዳር 2026 - ገጽ 11

መርሃዊ ገብረሚካኤል

ከረን መዛዘሚ ውድድር ቅድድም

ብሽክለታ ተኻይዱ

ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ከተማ ከረን፡ ንኣርባዕተ ሰናብቲ ዝወደቦ ውድድር ብሽክለታ፡ ሰንበት ሸሞንተ ጥቕምቲ ዛዚሙ።
እቲ ንፈለማ ግዜ ብናይ ግዜን ነጥቢን መምዘኒታት ተወዲቡ ክካየድ ዝቐነየ ውድድር፡ ብቕዓት ተወዳደርቲ ክብ ንምባል ዝዓለመ ኮይኑ፡ ጋንታታትን ተወዳደርቲን ንተዕዘብቲ ዝማርኽ ስፖርታዊ ምትህልላኽ ከርእዩ ድሕሪ ምቕናይ ተዛዚሙ ኣሎ።
ፍሉይነት ናብቲ ክካየድ ዝቐነየ ውድድር ኣብ ነፍሲ ወከፍ ውድድር ንብሉጽ ዘዋራይ (best rider) ከምኡ’ውን ብነጥቢን ግዜን ጸብለል ንዝበለት ጋንታን ብነጥቢ ንዝበረኹ ተቐዳደምቲን ምርኩስ ብምግባር ዝተዋህበ ሽልማት ምዃኑ እዩ።
በዚ መሰረት ኣብ ማውንቴን ደቂ ኣንስትዮ 48.4 ኪሎ ሜተር ኣብ ዝሸፈነ ውድድር፡ ደሊና ዳዊት ካብ ሻሉኩ፡ ሩታ ገብሬል ካብ ሓጋዝ፡ ሰሳይት ተስፋኣለም ካብ ሬድሲ ብግዜን ብውህሉል ነጥቢን ሰለስተ ዕዉታት ኮይነን።
ማውንቴን ህጻናት ምድብ ሐ ዝተሰርዓሎም 59.4 ኪ.ሜ ኣብ ሰዓት 34 ኪ.ሜት እናረገጹ ኣብ ዝገበርዎ ቅጽበታዊ ውድድር፡ ብግዜን ብውሁሉል ነጥቢን፡ ኣሕመድ ያሲን ናስር ካብ ገዛባንዳ፡ ረዛቕ ኢስማዒል ካብ ላልምባ፡ ፍኖት ዘርኣይ ዕዉታት ብምዃን ዝተዳለወሎም ሽልማት ወሲዶም።
ምድብ ለ ህጻናት ብወገኖም 81.4 ኪ.ሜ ንዝሸፈነ ርሕቀት ኣብ ሰዓት 34.8 እናተሓምበቡ ዘካየድዎ ውድድር ዝተረኽበ ውጽኢት፡ ቀዳማይ ያሲር መ/ዑመር ካብ መጐዓዝያ ብውህሉል ግዜን ነጥቢን፡ ብግዜ ካልኣይ ቢላል ኑር ካብ ላልምባ ብነጥቢ ሳልሳይ፡ ኢብራሂም ሓሰን ድማ ብግዜ ሳልሳይ ብውህሉል ነጥቢ ድማ ካልኣይ ብምዃን ናብ ፖድየም ደይቦም።

94.6 ኪ/ሜ ንምሽፋን ኣብ መስመር ዝተረኽቡ ምድብ ሀ ኣብ ሰዓት 39.3 እናረገጹ ዝዛዘምዎ ውድድር፡ ዳንኤል ማንታይ ካብ መጐዓዝያ፡ ነቢል ኣደም ካብ ገዛ ባንዳ ብግዜን ብነጥቢን ቀዳሞት ክልተ ክኾኑ ከለዉ፡ ነህምያ ምናሴ ካብ ሻሉኩ ብግዜ ሳልሳይ፡ ኣቤል ታደሰ ሻሉኩ ብነጥቢ ሳልሳይ ብምዃን ተዓዊቶም።
ዳኮርሶ ንዝተሰለዓሎም 116.6 ኪ/ሜ ንምሽፋን ኣብ ሰዓት 40.3 ኪ/ሜ ብምሕምባብ ውድድሮም ክዛዝሙ ከለዉ፡ ብውሁሉል ግዜ መትከል ደበሳይ፡ ፊንሃስ ጸጋይ፡ ሲመር ስዩም ክዕወቱ ከለዉ፡ ብውህሉል ነጥቢ ድማ ሩኒ ሙሴ፡ ፊንሃስ ጸጋይን ዮናታን ገብረህይወትን ኩሎም ካብ ጋንታ ሬድሲ ዕዉታት ኮይኖም። ኣብ መወዳእታ ኣብዚ ክካየድ ዝቐነየ ውድድር ብግዜን ነጥቢን ጸብለልታ ዘርኣያ ጋንታታት ኣብ ዳኮርሶ ሬድ ሲ፡ ኣብ ማውንተይን ምድብ ሀ ገዛ ባንዳ፡ ምድብ ለ ዓዲ ተከሌዛን ቀዳሞት ብምዃን ተሸሊመን።

መአረምታ

ኣብ ናይ ትማሊ ሕታም፡ “ገብረኣብን
ካናሪን፡ ብሩርን ነሓስን መዳልያታት
ኣምጺኦም” ኣብ ዝብል ዜና፡ ካናሪ
እስቲፋኖስ ዝብል ዘሎ፡ ካናሪ ተኽለማርያም
እስቲፋኖስ ተባሂሉ ክንበብ፡ ምስ ናይ
ይቕረታ ንሕብር።

ሹማይክል ንቦርድ ዩናይትድ ይነቅፍ

ካሪክ ተባሪሩ

ዓለምና ካብ ዝረኣየቶም ሓደ ካብ ብሉጻት
ነባራት ሓለውቲ ልዳት ዩናይትድ ዝኾነ
ደኒማርካዊ ፔተር ሹማይክል፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ
ማይል ካሪክ ዝካየድ ዘሎ ወቐሳን ጸቕጢን
ብትሪ ብምቅዋም፡ እቲ ጉዳይ ኣኽብሮት
ዝጎደሎን ግጉይን ምዃኑ ገሊጹ።
ሹማይክል፡ ብዛዕባ’ዚ ኣብ መርበብ ሓበሬታ
ዘ ዎቨርላፕ ዴሊ ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ፡ ሓለፍቲ
ናይ’ታ ክለብ፡ ጋንታኦም ኣብ ታሕተዋይ ደረጃ
ፕሪመር ሊግ መበል 18 ተርታ ኮፍ ምባላ፡ ነቲ
ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ኮታ ክተውሕስ ዘኽኣላ
ካሪክ ጥራይ ተሓታቲ ክገብርዎ ዝወሰድዎ
ፈተነ ፍትሓዊ ከምዘይኮነ ኣመልኪቱ።
ኣስዒቡ ድማ፡ ሕማቕ ደረጃን
ውጽኢትን ማንቸስተር፡ ካሪክ ጥራይ ዘይኮነ
ላዕለዎት ሓለፍቲ’’ውን ኣብ’ቲ ጉዳይ
ዝለዓለ ተሓታትነት ከም ዘለዎም ብምጥቃስ፡
ማንቸስተር ኣብ ዝሓለፈ ክራማት መስመር
ምክልኻላ ይኹን መጥቃዕታ ንምሕያል
ሓደስቲ ተጻወትቲ ናይ ምግዛእ ተበግሶ
ዘይምግባራ ድማ እቲ ዝኸፈአ ኩነት ናይዚ
ውጽኢት ምዃኑ ኣብሪሁ።
“ካሪክ ኣብ ኣዝዩ ተኣፋፊ ደረጃ

ምጽንሑ ዝከሓድ ኣይኮነን። ይኹን እምበር
ንዝተጐናጸፎ ዓወታት ርስዕ ኣቢልካ፡ ክብረት
ብዘይብሉ መንገዲ ንምስጓጉን ንምውቃሱን
ክግበር ዝጸንሐ ሸበድበድ ግቡእ ኣይመስለንን”
ዝበለ ሹማይክል፡ ሰበ ስልጣን ዩናይትድ ነቲ
ኣንጻር ሊቨርፑል ግጥም ንምክያድ ልምምድ
ክገብር ዝጸንሐ ካሪክ ንምትካእ ምስ ፖተቺኖ
ኣፈናዊ ስምምዕ ምክያዶም ከም ዘቖጠዖ
ገሊጹ።
ጃሰን ዊልኮክስ፡ ኦማር በራዳ ከምኡ’ውን
ጂም ራትክሊፍ ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ሰበ ስልጣን
ዩናይትድ፡ ኣብ ልዕሊ ካሪክ ናይ መወዳእታ
ውሳነ ንምሃብ ዝርርብ ከካይዱ ድሕሪ
ምጽናሕ፡ ትማሊ ሓሙስ ብዕሊ ካብታ ጋንታ
ከም ዝተባረረ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።
ዓወት ንምጉንጻፍ ዘለዎም ጥሙሕ

ንምርግጋጽ ናብ ኣዝዩ ከቢድ
መደምደምታ ምብጽሖም ዝገለጹ
ቦርድ ዩናይትድ፡ ካሪክ ከም ወትሩ
ብኽብሪ ዝዝከር ተጻዋታይን
ኣሰልጣኒን ማንቸስተር ኮይኑ ከም
ዝቕጽል ኣብሪሆም።
በዚ መንገዲ ኣቢሉ ድማ ካሪክ
ኣሰር ናይ’ቲ ቅድሚ ሒደት ሰዓታት
ዝተባረረ ኣሰልጣኒ ክሪስታል ፓላስ ፒየር ሴጅ
ብምስዓብ፡ ኣብዚ ወቕቲ ስፖርት ዝተሰጉ
ክልተ ቀዳሞት ኣሰልጠንቲ ፕሪመር ሊግ
ኮይኖም ኣለዉ።
እዚ ከምዚ’ሉ ከሎ መቐየሪ ክፍሊ
ዩናይትድ ኣብ ጉዳይ ፖተቺኖ ዘለዎ መርገጺ
ዘይምስምማዕ ገጢምዎ ምህላዉ ይንገር ኣሎ።
ዝበዝሑ ተጻወትቲ ዩናይትድ ልዕሊ ምምጻእ
ፖቸቲኖ፡ ንኣሰልጣኒ ቪላ ኡናይ ኤምረ ከም
ዝመርጹ ድማ ተገሊጹ። በዚ መሰረት መዝነት
ምስልጣን ዩናይትድ ንምርካብ 18 ወይ19
ሕዳር ኣብ ዩናይትድ እግሩ ዘንብር ፖቸቲኖ፡
ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ኦልድትራፎርድ ሰፊኑ
ንዘሎ ወጥሪ ንምትዕርራይ ቀዳማይ ዕማሙ
ክኸውን ከምዝኽእል ይሕበር።

ፐሮ ናብ ክለባት ስጳኛ ክምለስ ይብህግ
ሊቨርፑል፡ ቸልሲን ማንቸስተር ሲቲን ኣብ ወርሒ ጥሪ ንዝኽፈት መስኮት ምስግጋር ተጻወትቲ ንተኸላኻላይ ቶተንሃም ፐድሮ ፖሮ ንምፍራም ወግዓዊ ሕቶ ምቕራበን ተሓቢሩ። ይኹን እምበር ፖሮ ክንዮ ኣብ እንግሊዝ ናብ ላሊጋ ተመሊሱ ክጻወት ድሌት ኣሕዲሩ ብምህላዉ፡ እዘን ጋንታታት ነዚ ስጳኛዊ ንምእማን ከቢድ ጻዕሪ ከምዝጽበየን ይንገር። ፐሮ ካብዘን ጋንታታት ወጻኢ ናብ ባርሰሎናን ማድሪድን ክኸይድ ዝሓሸ ምርጫ ከም ዘለዎ ድሕሪ ምርግጋጹ፡ ጋንታታት ላሊጋ ንኩነታቱ ኣብ ምክትታል ይርከባ።
እዚ ወዲ 27 ዓመት ስጳኛዊ ተኸላኻላይ ድሕሪቲ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ስጳኛ ዘርኣዮ ብሉጽ ብቕዓት፡ ብዓበይቲ ክለባት ክጥመት ምጽንሑ ይፍለጥ። እንተ ኾነ ፖሮ ምስ ስፓርስ ክሳብ 2031 ዝጸንሕ ውዕል ዘለዎ ብምዃኑ፡ ቶተንሃም ነዚ ተጻዋታይ ንምልቃቕ 57 ሚልዮን ፓውንድ ክትሓትት ከም ትኽእል ይግለጽ።

ጉስቶ ኣብ ዓይኒ ማንቸስተራውያን ክለባት
ዓበይቲ ክለባት ዓዲ እንግሊዝ ማንቸስተር
ዩናይትድን ሲቲን ኣብ ልዕሊ ፈረንሳዊ
ተኸላኻላይ ቸልሲ ማሎ - ጉስቶ ልዑል
ተገዳስነት ኣሕዲረን ምህላወን ይግለጽ ኣሎ።
ጉስቶ ኣብዚ ወቕቲ ስፖርት ምስ ቸልሲ
ኣብ ትሕቲ ዣቪ ኣሎንሶ ብቐዋምነት ናይ
ምስላፍ ዕድል ክንፈጎ ድሕሪ ምጽንሑ፡ ኣብ
ዓይኒ’ዘን ማንቸስተራውያን ክለባት ምእታዉ
ይሕበር። ቸልሲ ነዚ ተጻዋታይ ንምልቃቕ
75 ሚልዮን ፓውንድ ዋጋ ለጢፋትሉ ኣላ።
እዚ ዋጋ ድማ ነተን መስመር ምክልኻለን

ንምድልዳል ቀዳምነት ሂበን ከምዝሰርሓ
ክግለጻ ዝጸንሓ ክለባት ብቐሊሉ ክበጽሐኦ
ከምዝኽእላ ይንገር። ይኹን እምበር ኣብዚ
ጉዳይ ልዕሊ ሲቲ ዩናይትድ ጸብለልታ
ብምርኣይ ነዚ ፈረንሳዊ ተጻዋታይ ክትውንኖ
ከምትኽእል ይንገር። ሲቲ ምስ ዘለዋ ምጥሓስ
ፋይናሳዊ ክሲታት ንዩናይትድ ክትዕወተላ
ከምትኽእል እዩ ዝግለጽ።
ወዲ 23 ዓመት ጉስቶ ቀዋሚ ቦታኡ
ከውሕስ ብዘይ ምኽኣሉ፡ ኣሎንሶ’ውን
ኣብ ክንድኡ ንጆሽ ኣቸምፓንግ ከሰልፍ
ብምምራጹ፡ ካብ ቀዳሞት ተሰለፍቲ
ሰመያውያን ምብኳሩ ይፍለጥ።

መደብ ጸወታ

ሎሚ

ኔሽንስ ሊግ ናይ ምድብ ጸወታ
ስሎቫንያ - ስዊዘርላንድ 10፡45 ድ.ቀ
ሆላንድ - ግሪኽ 10፡45 ድ.ቀ
ሰርቢያ - ጀርመን 10፡45 ድ.ቀ

ሃ/ጋንታ ኤርትራ ስዕረት ኣመዝጊባ
ትማሊ 12 ሕዳር ሳልሳይ ናይ ምድብ
መጻረዪ ዋንጫ ኣፍሪቃ ንምክያድ ምስ ጊኒ
ኮናክሪ ዝገጠመት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ
2ብ1 ተሳዒራ።
ተጻዋታይ ሃገራዊት ጋንታ ጊኒ ኮናክሪ
- መሓመድ ሶማሕ ኣብ መበል 13 ደቒቕ
ካብ ማእዝን ተቐሊዓ ንዝመጸቶ ኵዕሶ ብርእሱ
ገጭዩ ምስ ሰኪዐት ብምርኻብ ጊኒ መሪሕነት
ክትሕዝ ኣኽኢሉዋ። ኣብ ዝተረፈ ደቓይቕ
ቀዳማይ እብረ ክልተአን ሃገራውያን ጋንታታት
ተመጣጣኒ ምንቅስቓስን ፈተነታትን ኣርእየን።
ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ብርክት ዝበላ
ዕድላት ፈጢራ እኳ እንተነበረት፡ ናብ ሸቶ
ክትቅይሮ ግና ኣይከኣለትን። ሓላዊ ልዳታ
ዮናታን ሱልጣን’ውን፡ ሓደገኛ ፈተነታት
ተጻወትቲ ጊኒ ብምምካን፡ ውጽኢት ኣብ
ምጽባብ ልዑል ተራ ተጻዊቱ። ዝተወሰኸት
ሸቶ ብዘይምንባሩ ድማ፡ ንዕረፍቲ ብመሪሕነት
ጊኒ 1ብ0 ወጺአን።
ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ሃገራዊት ጋንታ
ኤርትራ ደሓን ምንቅስቓስ እኳ እንተ
ኣርኣየት፡ ንጸወታ ተቘጻጺራ ናይ ሸቶ ዕድላት
ኣብ ምፍጣር ግና ጊኒ ዝያዳ ውጽኢታዊት
ነይራ። ከም መርኣያ ናይዚ ድማ ኣብ መበል
52 ደቒቕ ተጻወትቲ ጊኒ ኣብ መስመር
ምክልኻል ኣግማል ቀይሕ ባሕሪ ንዝተራእየ
ሃጓፍ ብምምዝማዝ፡ ብመንገዲ ያኩባ ባሪ
ካልአይቲ ሸቶ ደጊሞም መሪሕነቶም
ኣደልዲሎም። ጸወታ ድማ ብመሪሕነት ጊኒ
2ብ0 ቀጺሉ።
ኣብ መበል 56 ደቒቕ ናይ’ቲ ግጥም

ዓብለሎም ተኽለዝጊ ንናሆም ታደሰ ቀይሩ
ኣትዩ። ኣብዚ እዋን’ዚ ሃገራዊት ጋንታ
ኤርትራ ንሒደት ደቓይቕ ሚዛን ጸወታ
ብምቍጽጻር ፈተነታት ኣካይዳ። ኣብ መበል
68 ደቒቕ ሓላዊ ልዳት ዮናታን ስልጣን
ኩዕሶ ብጌጋ ኣብ እግሪ ጊናዊ ተጻዋታይ
ኣረኪቡዋ። ይዅን’ምበር፡ ነታ ካብ ክትሰሓት
ሸቶ ክትከውን ትቐልል ዝነበረት ፈተነ ባዕሉ
ኣድሒኑዋ።
ምዱብ ናይ ጸወታ ግዜ ናብ ምዝዛም
ገጹ ኣብ ዝኸደሉ ዝነበረ፡ ኣብ መበል 82
ደቒቕ ተጻዋታይ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ -
ማኢል ሉንድግረን ካብ ማእከል ተኸላኸልቲ
ጊኒ ንዝቐልዓ ኩዕሶ ንሓላዊ ልዳት ጊኒ ከም
ዓንዲ ጨው ኣድሪቑ ምስ ሰኪዐት ብምርኻብ፡

ንውጽኢት 2ብ1 ቀየሮ። ተጻወትቲ ኣግማል
ቀይሕ ባሕሪ ድሕሪ’ዛ ሸቶ ኣብ መበል 86
ደቒቕ ካብ ጸወታ ወጻኢ ዝተባህለት ብልጽቲ
ፈተነ ብምክያድ ንጊኒ ስግኣት ኮንዋ። ኣብ
ዝቐጸላ ደቓይቕ ኩዕሶ ብምቍጽጻር ንጊኒ
ከሸግሩ ዝተራእዩ ኣግማል ቀይሕ ባሕሪ፡
ንሸቶ ዝኾና ዕድላት ኣብ ምፍጣር ልዕሊ
ጊኒ ጸብለልታ ከርእዩ እኳ እንተ ፈተኑ፡ ምስ
ሰኪዐት ኣብ ምውህሃድ ግና እወታውያን
ኣይነበሩን። በዚ ድማ ምዱብ ናይ ጸወታን
ተወሳኺን ግዜ ብምዝዛሙ፡ እቲ ግጥም
ብዓወት ሃገራዊት ጋንታ ጊኒ 2ብ1 ተዛዚሙ።
ካልኣይ እግሪ ርክብ ናይዘን ጋንታታት፡ ሰኑይ
16 ሕዳር ኣብ ግብጺ ክካየድ እዩ።
ጽቡቕ ዕድል ንኣግማል ቀይሕ ባሕሪ!

ሓዳስ ኤርትራ

ተረኛ ፋርማሲ ጎደና ቁ.ስልኪ ጎደና 117-15 ቁ.11 ጥቓ ሸል ዕቕባ ሃይለ 121140

ዕለት

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

ፋርማሲ ደንደን 13/11/2026

መበል 36 ዓመት ቁ.64 13 ሕዳር 2026 - ገጽ 12

ዜና ዓለም ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

ሃገራት ኖርዲክ፡ ሓባራዊ ውዕል ምክልኻል

ክገብራ ተሰማሚዐን
ኖርወይ፡ ሽወደን፡ ዴንማርክ፡ ፊንላንድን
ኣይስላንድን፡ ሓፈሻዊ ናይ ምክልኻል
ዓቕሚ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ)
ንምዕባይ ሓባራዊ ውዕል ምክልኻል
ክገብራ ምዃነን፡ ሚኒስተር ምክልኻል
ኖርወይ ቶረ ሳንድቪክ ትማሊ ሓሙስ
ገሊጹ።
ሳንድቪክ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡
“ድሮ ኣብ ውሽጢ ኔቶ ነዊሕ መንገዲ
ተጓዒዝና ኣለና። ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ

ብሓባር ወተሃደራዊ ልምምድ ንገብርን
ንስልጥንን ድማ ኣለና፡” ኢሉ።
እዚ ስጉምቲ፡ ሃገራት ኖርዲክ፡ ድሕሪ
ኲናት ዩክሬን ብኣውራኡ ድማ መጻኢ
ኣመሪካ ኣብቲ ኪዳን ዘይርጉጽ ኮይኑ
ኣብ ዘለወሉ እዋን ናይ ምክልኻል
ዓቕመን ንምዕባይን ወተሃደራዊ

ድሉውነተን የሐይላ ከም ዘለዋን ዘርኢ
ኣብነት ምዃኑ፡ ሳንድቪክ ወሲኹ
ኣረዲኡ።
ፊንላንድን ሽወደንን ኣብ 2023ን
2024ን ናብ ኔቶ ድሕሪ ምጽንባረን
ኩለን ሃገራት ኖርዲክ ኣባላት ናይ’ቲ
ኪዳን ክኾና ከም ዝኸኣላ ዝፍለጥ ኮይኑ፡
ካብ ሽዑ ጀሚረን ሓባራዊ ወተሃደራዊ
ልምምዳት ብምክያድ ምትሕብባረን
ከሐይላ ምጽንሐን ይፍለጥ።

ኣብ ኲናት ዩክሬንን ሩስያን ጽኑዓት
ደገፍቲ ዩክሬን ምዃነን ዝንገረለን
ሃገራት ኖርዲክ፡ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ኣብ
ልኡላዊ ግዝኣታተን ንስግኣታት ጸጥታ
ዘዛይድ ምትእትታው ሰብ ኣልቦ
ነፈርትን ምብታኽ ገመዳትን መስመራት
ሻምብቆታትን የጋጥም ምህላዉ ይንገር።

“ንኢንዱስትሪ ነዳዲ ናይ ምሕያል መሰል ኣለኒ” ቨነዙዌላ
ቨነዙዌላ፡ ዋላ’ውን
ኣገዳስነት ምምካት
ለውጢ ክሊማ ኣብ
እትግንዘበሉ ዘላ እዋን፡
ንኢንዱስትሪ ነዳዲኣ ናይ
ምምዕባል ልኡላዊ መሰል
ከም ዘለዋ፡ ግዝያዊት
ፕረዚደንት ናይ’ታ ሃገር
ደልሲ ሮድሪገዝ ኣብ’ቲ
ኣብ ቱርኪ ዝካየድ ዘሎ
ዋዕላ ክሊማ ‘ኮፕ 31’
ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ ኣፍሊጣ።
ሮድሪገዝ ትማሊ ሓሙስ ኣብቲ
ዋዕላ ዝሃበቶ መግለጺ፡ ምስ ርእይቶታት
ካልኦት መራሕቲ ሃገራት፡ ማለት ምስቲ
ካርቦን ኣብ ዝተፍኡ ንጥፈታት ክግበር
ዘለዎ ለውጢ ክቀላጠፍ ዘቕርብዎ

ጻውዒት ዝጻረር ምዃኑ እዩ ዝግለጽ
ዘሎ።
ይዅን’ምበር፡ መራሕቲ ሃገራት
ዓለምና፡ ምስ’ቲ ኣመሪካ ቢልዮናት ዶላር
መኽሰብ ንምኽዕባት ክትብል ምህርቲ
ነዳዲ ቨንዙዌላ ንምዕባይ እትገብሮ ዘላ
ጻዕርታት ከም ዝሰማምዑ ይሕበር።

ሩስያ፡ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን ሰፊሕ መጥቃዕቲ ፈጺማ
ሩስያ፡ ኣብ ከተማ ኪየቭን ካልኦት
ሓያለ ከባቢታት ዩክሬንን ኣብ ልዕሊ
ዝርከባ ወተሃደራውያን ፋብሪካታት
ሰፊሕ መጥቃዕትታት ከም ዘካየደት፡
ሚኒስትሪ ምክልኻል ናይ’ታ ሃገር ትማሊ

ሓሙስ ገሊጹ።
ከንቲባ ከተማ ኪየቭ ቪታሊ ክሊችኮ
ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሩስያ ኣብ ኣውራጃ

ሶሎሚያንስኪ ኣብ ልዕሊ ዝርከብ
ብዓል ትሽዓተ ደርቢ ህንጻ መጥቃዕቲ
ብምፍጻማ፡ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ከም
ዝሞተትን ሓሙሽተ ካልኦት ድማ ከም
ዝቖሰሉን ሓቢሩ።

በቲ ሩስያ ዝፈጸመቶ መጥቃዕትታት፡
ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ - ዞባ ሪቭነ ኣብ
ዝርከብ ናይ ጸዓትን ካልእን ትሕተ

ቅርጽታት እውን ዕንወት ከም ዝወረደ፡
ሓደ ዩክሬናዊ ብዓል ስልጣን ኣብ ዝሃቦ
ሓበሬታ ኣመልኪቱ።
ይዅን’ምበር፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል
ሩስያ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ መጥቃዕቲ
ኣብ ኪየቭ ኣብ ዝርከብ ፋብሪካ መፍረ
ሮኬታት፡ መማዕበሊ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲን
ሚሳይልን፡ ከምኡ’ውን ኣብ ምዕራባዊ ዞባ
ዛይቶሚር ኣብ ዝርከብ ንኡስ መደበራት
ሓይሊ ኤሌክትሪክ ከም ዝተፈጸመ
ኣረዲኡ።
ከንቲባ ከተማ ሞስኮ ሰርጌይ ሶብያኒን
ብወገኑ፡ ኣብ ሩስያ መጥቃዕቲ ንምፍጻም
ናብ ሰማያት ከተማ ሞስኮ ዘምርሓ ዝነበራ
ሓሙሽተ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን፡
ዝሓለፈ ረቡዕ ለይቲ ብሓይልታት
ምክልኻል ኣየር ሃገሩ ተወቒዐን ከም
ዝወደቓ ገሊጹ።
ብመሰረት ሓበሬታ ሚኒስትሪ
ምክልኻል ሩስያ፡ ኣብታ ለይቲ እቲኣ
ኣብ መላእ ሩስያ ብጠቕላላ 71 ሰብ
ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን ተወቒዐን ክወድቃ
ክኢለን ኣለዋ።

ኢራን፡ ንመጥቃዕቲ ኣመሪካ ዓጸፌታዊ

ምላሽ ከም ትህበሉ ተጠንቅቕ
ላዕለዋይ ኣፈኛ ሓይልታት ኢራን
ብርጋዴር ጀነራል ኣቦልፋዝል ሸካርቺ፡
ሃገሩ ካብ ኣመሪካ ክመጽኣ ንዝኽእል
ሓድሽ መጥቃዕቲ 10 ዕጽፊ ግብረ
መልሲ ክትህበሉ ምዃና ኣጠንቂቑ።
እቲ ወተሃደራዊ ብዓል ስልጣን ነዚ
ዝሓበረ፡ ኣብ መጻኢ ኣብ ልዕሊ ኢራን
ዝፍጸም ዝኾነ ይኹን መጥቃዕቲ ካብ’ቲ
ቅድሚ ሕጂ ዝተፈጸመ ብሓሙሽተ
ዕጽፊ ዝሓየለ ክኸውን ምዃኑ ፕረዚደንት
ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ዝሓለፈ

መዓልታት ድሕሪ ምፍርራሑ እዩ።
ብዘይካ’ዚ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡
“ኣመሪካ ምስ ኢራን ዝኾነ ውዕል
ኣየድልያን’ዩ፡” ብምባል፡ ኣብ መጻብቦ
ሆርሙዝ ዕዉታት ስርሒታት

ከምእተፈጸሙ ኣመልኪቱ።
ትራምፕ ኣብ ማሕበራዊ
መራኸቢታት ኣብ ዝዘርገሖ ጽሑፍ፡
“ምስ ኢራን ስምምዕ ኣየድልየናን’ዩ።
እቲ ውዕል ክፍጸመሉ ዝነበሮ መዓልታት
ሓሊፉ እዩ። ኣታዊ ክኸውን ዝግብኦ
ብኣማኢት ቢልዮናት ዶላር ዝቚጸር
ገንዘቦም ከም ዝሰናኸል ገይርናዮ ኢና፡”
ብምባል፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን ተጎናጺፈዮ
ዝበሎ ዓወታት ከጉልሕ ፈቲኑ።
ብተወሳኺ፡ እቲ ፕረዚደንት ብዛዕባ

ምክትሉ ጄዲ ቫንስ ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ፡
ጄዲ ቫንስ፡ ምሉእ ኣቓልቦኡ ኣብ’ቲ ኣብ
መላእ ኣመሪካ ኣብ ዝርከባ ብዲሞክራትስ
ዝመሓደራ ከተማታትን ግዝኣታትን
ዝፍጸም ዘሎ ሰፊሕ ብልሽውናን ገበንን
ከድህብ ከም ዘለዎ ኣመልኪቱ።

ትራምፕ፡ ብጉዳይ ዋሕዚ ስደተኛታት ንመክሲኮ የፈራርሕ
መክሲኮ፡ ድሕሪ’ቲ ኣብ ዝሓለፈ
ሰሙን ዝተኻየደ ሰልፊ ደሞክራትስ
ዝተዓወቱሉ ናይ ፍርቂ ወቕቲ ባይቶኣዊ
ምርጫ ኣመሪካ፡ ዋሕዚ ናይቶም ናብ
ኣመሪካ ዝኣትዉ ስደተኛታት ደው
እንተ ዘይኣቢላቶ ኣብ ልዕሊ ናይ ሰደድ
ፍርያታ ተነቢሩ ዘሎ ቀረጽ ብዕጽፊ
ክውስኽ ምዃኑ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ
ትራምፕ ኣጠንቂቑ።
ትራምፕ ነዚ መጠንቀቕታ ዝሃበ፡
ሰልፊ ደሞክራትስ ኣብቲ ባይቶኣዊ
ምርጫ ዝረኸብዎ ዓወት ኣብ ኣመሪካ
ንኽነብሩን ንኽሰርሑን መንገዲ
ክኸፍተሎም ከም ዝኽእል ተስፋ
ብምግባር፡ ትማሊ ሰሉስ መብዛሕትኦም
ካብ ማእከላይ ኣመሪካ ከም ዝመጹ
ዝተነግረሎም 1500 ስደተኛታት ናብ
ኣመሪካ ንምስጋር ከም ዝተበገሱ ኣብ
ዝግለጸሉ ዘሎ እዋን እዩ።
ይዅን’ምበር፡ ነዚ ብዝምልከት ካብ

ሰበ ስልጣን መንግስቲ መክሲኮ ዝተዋህበ
ቅልጡፍ ምላሽ የለን።
ትራምፕ ብዛዕባ’ቶም ስደተኛታት
ኣመልኪቱ መጠንቀቕታ ዝህብ ዘሎ፡
ኣመሪካን መክሲኮን ኣብ መንጎአን
ተፈጢሩ ንዘሎ ንግዳዊ ዘይምቅዳው
ንምፍታሕ ኣብ ዝዘራረባሉ ዘለዋ እዋን
እዩ።

ምምሕዳር ትራምፕ ኣብ ጉዳይ
ስደተኛታት ብዝኽተሎ ዘሎ ተሪር
ፖሊሲ ኢሚግሬሽን፡ መብዛሕትኦም
ብደቡባዊ ዶባት ናይታ ሃገር ዝርአ
ዝነበረ ዋሕዚ ስደተኛታት ክግታእ ከም
ዝኸኣለን፡ ብዙሓት መዕቆቢ ስደተኛታት
መክሲኮ ድማ ጥራየን ተሪፈን ከም
ዘለዋን ይሕበር።

ሮድሪገዝ ወሲኻ፡ “ኢንዱስትሪ
ነዳዲና መንኮርኮር ሃገራዊ ምዕባለና
ከም ምዃኑ መጠን፡ ንምሕያሉ ልኡላዊ
መሰል ከም ዘለና ደጊምና ነረጋግጽ፡”
ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ሓደ እዋን ቁጠባዊ
ዕብየት ምምዝጋብን ኣከባቢ ምሕላውን
ዝከኣል ምዃኑ ኣነጺራ።
ሙቐት ዓለምና ይውስኽ ኣሎ
ዝበሃል ሓሶት ምዃኑ ብምግላጽ፡
ዝሓለፈ ዓመት ንኣመሪካ ካብ ወግዓዊ
ምትሕብባር ክሊማ ከም እትስሕብ
ዝገበረ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ
ብወገኑ፡ ኣብ ዕደና ነዳዲ ቬነዝዌላ ወፍሪ
ምግባር፡ ንቀረብ ጸዓት ምዕራባዊ ንፍቀ
ክቢ ዓለም ብምዕባይ ሃገራዊ ድሕነት
ናይተን ሃገራት ከውሕስ ዝኽእል
ቊጠባዊ ሜላ ምዃኑ’ዩ ዝምጉት።